
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.212 | ሰሉስ 6 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ



ገጽ 4 "ባዕልና ኣእቲናዮ - ገዛና ብሒቱዎ"


ገጽ 5 ክንገር ዘለዎ "ዘይተነግረ ገድሊ"






ገጽ 11 ሻምፕዮንን ክለባት ኵዕሶ እግሪ ይቕጽል




# ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ሓረስቶት ሃይኮታ ርክባት ኣካዪዱ



ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ሕርሻዊ ቅድመ-ምድላዋትን ሜላታት ምድንፋዕ እቶታውነትን ዘዘኩረ ርክባት፡ ምስ ሓረስቶት ንኡሳን ዞባታት ሃይኮታ፡ ተሰነይ፡ ጎልጅን ፎርቶሳዋን ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ካብ 29 ሚያዝያ ክሳብ 1 ግንቦት ዝተገብረ ርክባት፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬትን ዝርከቦም ቅድመ ምድላዋት፡ ኣብ ምድንፋዕ እቶታውነት ልዑል ተራ ስለዘለዎም ብዘለዎ ክድፋኣሎም ብምዝኽኻር፡ ኣብ ክረምታውን ማሰኖኣውን ሕርሻ ዝጥፉ ሓረስቶት መምርሕን ኣዋጅን መዓላን ተጠቃምነትን መሬት ሕርሻ ተኸቲሎም ግቡኣቶም ክማልኡ ጸዊዑ።

ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ናይ'ቲ ዞባ ብሓፈሻ፡ ኣብ'ተን ርክብ ዝተኻየደለን ንኡሳን ዞባታት ድማ ብፍላይ - ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ትሑት ምህላዉ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ብፍላይ ኣብ ክረምታዊ ንግዳዊ ሕርሻን ልምዓት ጀራዲንን ዝጥፉ ሓረስቶት፡ ንድሕነት ኣከባቢ ቀዳምነት ብምሃብ እቶት ብዓይነትን መጠንን ንምስሳን ክጽዕሩ፣ ኣብ መንጎ ግብሪ ቀረጽን ክራይ መሬትን ዘሎ ፍልልይ ብዝግቡእ ተረዲኦም ድማ ግቡኣቶም ክማልኡን ካብ ዘይሕጋዊ ክራይ ዝተዓደሎም ናይ ሕርሻ መሬት ክሕለቡን መኺሩ።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ኣብ መወዳእታ፡ መምርሕን ኣዋጅን መሬት ዘይኽተሉን ንድሕነት ኣከባቢ ኣብ ግምት ዘየእትዉን ኣኾቡ ንሓረስቶት ናብ ዘይተደልየ ዕዳ ብምእታው ኣፍራይነት ዝጸንቅጽ ስለዝኾኑ፡ ምምሕዳራት ልዑል ኣተኩሮ ክገብራሉ ብምምሕጻን፡ ኩሎም ኣልማዕቲ ንዝበለጸ ፍርያት ቀዳምነት ብምሃብ እቶታውነት ንምዕባይ ብደረጃ ውልቀ ሓረስታይ ዝገብርዎ ጻዕሪ ክሕይሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ዕደላ ንግዳዊ ክረምታዊ ሕርሻን ጀራዲንን ዝበርቲ ናይ'ቲ ልምዓት ዝተኻየደሉ ከባቢታት ቀዳምነት ዝሃብ ኣኾቡ ክድፋኣሉ፣ ሰኣን እኹል ኣፍልጦ ዕዳ ግብሪ መሬት ዝተደራረበም ሓረስቶት ኣረኣእያ ክግበረሎም፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ ቤት-ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ክኽፈት፣ ከምኡ'ውን ሕጽረት መሳረታዊ ቀረባት ጸዓት ክሕሰበሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ተሰነይን ፎርቶሳዋን ዝቐረቦ ዘሎ መሰረት ህንጻትን ጽገናን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ነቒልን ተዓዚቡ።

# ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን፡ ኣብ እግሪመኽል ንዝተረኽበ ኣሰራት ሂወት በጺሑ


ስእሊ. ዘርኣይ ብርሃነ

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ፡ ኣብ እግሪመኽል - ምዕራብ ኣርሓ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ንዝተረኽበ ኣሰራት ሂወትን ቅርስታትን ንምዕዛቡ፡ ብ2 ግንቦት ዑደት ብምክያድ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብን ካልኦት ሓለፍትን ዝተረኽብሉ ዑደት፡ ኣብ ክልተ እብረ ብዝዕባ ዝተኻየደ ዳህሳሳዊ ኩዕታን ትሕዝቶ ዝተረኽበ ቅርስታትን ኣሰራት ሂወትን ዝምልከት ሓበሬታ ብክኢላታት ተዋሂቡ።

ኣምባሳደር ዘመደ፡ ዝኸኑ ቅርሲ ኣብ መበቆላዊ ቦትኡ ጸኒሑ ግቡእ መጽናዕቲ ክካየደሉን ዝተማልአ ሓበሬታ ክርከብን ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ዝሰላሰሉ ከባቢታት ዝርከብ ቅርስታት ናይ ምድሓን ስራሕ፡ ኩሉ ዜጋ ብንቕሓት ክሳተፎ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነጥንታዊ ወርሻ ዶ/ር ጺጋይ መዲን ምስ ነበርቲ ኣብ ዝተገብረ ርክብ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ተረኺቡ ዘሎ ኣሰኪሬናት ሰብን ኣንዑብ ኣቀባብራኡን ፍሉይነት ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ንዝያዳ መጽናዕቲ ሳልሳይ እብረ ቅርሲ ናይ ምድሓን ንጥፈታት ክካየድ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ብወገኑ፡ ተጀሚሩ ዘሎ ስራሕ ኣብ መፈጸምታኡ ንምብጻሕ ኣብ ዝሰላሰል ዕማም፡ ምምሕዳርን ህዝብን ዓቕሞም ዝፈቕዶ ደገፍ ክገብሩ ዘሎ ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ ወርሓት ሰነን ታሕሳስን 2024 ብክኢላታት ብዝተኻየደ ቅርሲ ናይ ምድሓን ስራሕ፡ ፍሉይ ኣንዑብ ኣቀባብራ ዘለዎ ብርክት ዝበለ ኣሰኪሬናት፡ ከምኡ'ውን ብኣስራዚ ዝተሰርሐ ኣንባራት ኢድ፡ ዕንቊታትን ዓታሩን ከምእተረኽበ ዝዝከር'ዩ።

እግሪመኽል፡ ካብ ከተማ መንደፈራ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ 7 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።

# ን/ዞባ በረኽ ነጻ ካብ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ኣዊጃ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንኡስ ዞባ በረኽ "ብጥሙር ጻዕሪ - ወገድ ንክሽቦ ጓል-ኣንስተይቲ!" ብዝብል ቴማ፡ ብ30 ሚያዝያ ነጻ ካብ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ኣዊጃ።

ብዘበረ ውጥን - ኣብ 2023 ክእወጅ'ኳ እንተነበረ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተናዊሑ ምጽንሑ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጼን፡ እቲ ናይ ምእዋጅ መሰርሕ በዓይድን ምምሕዳር ከቡብን ክቶየድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ከምእተሰጋገረ ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ጉብረሃንስ ወልደገርግሽ ብወገኑ፡ ምኽንያቱ ጓልኣንስተይቲ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ጥዑናዊ ሳዕቤን ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ እዚ ንመሰረታዊ መሰላት ህጻናትን ደቂኣንስትዮን ዝግህስ ልምዲ ብንቕሓት ክውገድ ስለዘምርቦ፡ ንዝበርቲ የሃናኡ ገሊጹ።

ብደረጃ ዞባ ማእከል ካብ 2018 ኣትሒዙ ንኸለን ዓድታትን ንኡሳን ዞባታትን ዝሸፍን መጽናዕትታትን ገምጋማትን ክካየድ ምጽንሑ ዝሓበረ ኮሎኔል ጉብረሃንስ፡ ኣብ 2022 ኣብ ኩለን ዓድታት ንኡስ ዞባ በረኽ ናይ ዝተኻየደ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ውጽኢት ተገምጊሙ ናብ ደረጃ ምእዋጅ



ከምእተበጽሐ ኣብሪሁ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ድማ፡ ነጻ ካብ ክሽቦ ምእዋጅ ኣኻሊ ስለዘይኮነ፡ ደግሲ ንኽዩጋጥም ዝምልከቶም ኣካላት ዕቱብ ምክትታልን ምቁጽጻርን ክገብሩ ተላቢዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር


ስእሊ. ሮቤል መረሰዕ

ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወታ ተመሃሮ ሽልማት ክዕደል ከሎ፣ ነጻ ካብ ክሽቦ ንዝኣወጀ ምምሕዳራት ከባቢ ወረቐት ምስክር ተዋሂሉ።

መስመርና ድርዕና!

ዜና

# ከረን - ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል

ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን፡ ኣብ ማይ-ክዮታትን ግርሁ ሓረስቶትን ሰፊሕ ናይ ምዕቃብን ማይን ሓመድን ንጥፈታት ይሰላሰል ኣሎ።

እቲ ካብ መጀመርያ ወርሒ ሚያዝያ ኣትሒዙ ዝዕመም ዘሎ መደብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ክትግበር ዝጸንሐ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምዝኾነ ዝሓበረ ሓላፊ ምክትታል ምምሕዳራት ከባቢ ኣቶ በኪት ግብጣጉ ንተሳትፎ ህዝቢ ብሓፈሻ፣ ንምክትታል ምምሕዳር ዞባ ድማ ብፍላይ መጕሰ።

ነቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ኢንጂነር ኣማኑኤል ኣንገሶም ብወገኑ፡ እቲ ንጥፈታት ኣብ ምርጋእ መሬትን ምህብታም ትሕተ-ባይታዊ ማይን በቲ ሓደ፣ ዲጋታትን ራህያታትን ካብ ደቦት ንምክልኻል ድማ በቲ ካልእ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዝለዎ ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ከረን ብምኽንያት ባዕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብ25 ሚያዝያ ኣብ ጽሬት ከተማ ዘተኮረ ማሕበራዊ ወፈራ ተኻዪዱ።



# ጾሮና - ንጥፈታት ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ተመጕሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና ብ29 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ዘካየድዎ ዘለዉ ዕማም ጸቡቕ ውጽኢት ደርኺቡ ስለዘሎ፡ ብዝለዓለ ክቕጽልዎ ለበዋ ቀሪቡ።

ሓላፊ ትካላት ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ኣኽሊሉ የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ለቡዳ ሕማም ዓሶ ንምቍጽጻር፡ ብቐዓት ነቑጣታት ጥዕና ክብ ንምባል ጻዕርታት ይካየድ ከምዝሎ ብምሕባር፡ ተራ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ምርግጋጽ ከባብያዊ ጽሬት ከየዕዘዘ ጸዊዑ።

ወከል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጾሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ብወገኑ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣፍልጦን ንቕሓትን ህዝቢ ብምዕባይ፡ ኣብ ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሕማም ዓሶ ዝዕዳ ክዕዩ ተላቢዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ብ29 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ድሕረቀትሪ ኣብ ዓዲ ደዓሩ ብዘወቕዐ ሓያል ንፋስ ዝተሓወሶ ዝናብ፡ 7 ገዛውቲ ዚንጎአ ክቕንጠጥ ከሎ፡ ኣስታት 20 ዓበይቲ ኣግራብ ከምዝወደቑ ወከል ኢሪና ሓቢሩ።

# መንሱራ - ኣብ መሰላት ቈልዑ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ





ኣብ መንሱራ፡ ኣብ ማሰላት ቈልዑ፡ ከምኡ'ውን ምውጋድ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽቦን ዝርከብዎም ጎዳኢቲ ልምድታትን ዘተኰረ፡ ብቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝተወደበ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ብምውህሃድ ኣባላት ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሃግደፉ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ኣኽበርቲ ሕግን ዝተኻየደ ኣስተምህሮ፡ ሳዕቤናት ጎዳኢቲ ልምዲታት ብሰፊሑ ክግለጽ ከሎ፡ ንምቍጽጻሩ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ተራ ወለዲን መሻርኽቲ ኣካላትን ክዓዝዝ ወኪል ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓይናም የማን ኣተሓሳሰበ።

ኣኽባሪ ሕጊ - መንእሰይ ናህም ተስፋልደትን ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ነርስ ከሰተ ሰለሙንን ብወገኖም፡ ምኽባር ማሰላት ቈልዑ ሕርያ ዘይተኣስ ግዴታ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ድሒር ልምድታት ኣወጊድካ ቀጻልነት ጥዕናኡ ዝተዋሕሰ ወለዶታት ንምርግጋጽ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብንቕሓት ክዋሳእ ኣዘኻኺሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንሱራ ኣቶ ታደሰ ገብረገርግሽ ብወገኑ፡ ድሒር ልምድታት ብሓፈሻ ክሽቦን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ ንምውጋድ ዝውደብ ኣስተምህሮታት እወታዊ ጽልዋ ከምዝፈጠረ ብምሕባር፡ ሱቡ ሞያን መሻርኽቲ ኣካላትን ብውህደት ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ተራኦም ክጻወቱ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት - ባጽዕ፡ 162 መንእሰያት ኣመሪቑ

ኣብ ከተማ ባጽዕ ተደኲኑ ዝርከብ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ብዑብርን ክልሱ-ሓሳብን ዘሰልጠኖም 42 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 162 መንእሰያት፡ ብ1 ግንቦት ተመሪቖም።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ዓውድታት ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ኮምፕዩተር ኔት-ዎርኪን፡ ስርዓተ ማዝሓሓልን መወዓዓይን፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር የጠቓልል።

ምኽትል ዳይረክተር ናይ'ቲ ማእከል ኢንጂነር ኣኽሊሉ ኣስመሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ዚ 9ይ ዙርያ ስልጠና ዝተሳተፉ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ምዃኖም ብምሕባር፡ ኣብ ማስርሕ ስልጠና ንዘደገፍዎም ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ።

ሞያዊ ስልጠና፡ ንዘላቒን ዘተኣማምንን ምዕባለ ደራኺ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ክፍሊ ተኽኢላውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብግቡእ ክጥቀሙሉን ጸላዊ ኣበርክቶ ክህልዎምን ኣዘኻኺሩ።

ወከል ሰልጠንቲ ብግደኡ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝቐሰምዎ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ሓድሕዳዊ ተመክሮ፡ ፍቕሪ፡ ሰናይትን ሓድነትን ከምዝደለቡ ብምግላጽ፡ ንተገዳስነት መምህራን ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፡ ሃለሴ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምብራኽ ዝጉበሮ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ገስጋስ ቁጠባዊ ዕብየት ዝህልዎ ኣበርክቶ ብቐሊል ከምዘይጥመት ብምጥቃስ፡ ዘለናዮ እዋን ዓጸፋ ስራሕን ተወፋይነትን ዝሓትት ስለዝኾነ፡ ኩሉመዳያዊ ደገፍ ምምሕዳር ዞባ ከምዘይፍለዮም ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንተመረቕቲ ወረቐት ምስክር፣ ጽብሎታ ዝረኣዩ ድማ ሸልማት ተዓዲሉ።

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ኣብ ውሽጢ ትሸዓተ ዙርያታት፡ 480 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1467 መንእሰያት ኣመሪቑ ኣሎ።



ሰኣሊ ደምሳስ ጺጋይ



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ

ቫይረስ፣ ባክተርያ ወይ'ውን ዕሲ (fungus) ናብ ሳንቡእ ኣትዩ ቁጥዐ/ ነድሪ ምስ ዘስዕብ፣ ረኽሲ ሳንቡእ (pulmonary infections) ይፍጠር። ረኽሲ ሳንቡእ ብዓይነቱ ካብ ፈኲስ ክሳብ ኣዝዩ ከቢድ ተባሂሉ ይፈላለ።

ረኽሲ ሳንቡእ ኣብ ሓንቲ ወይ ኣብ ክልቲኤን ክፍልታት ናይ'ታ ኣካል ከጋጥም ይኽእል። ሓደ ካብ'ቲ ኣዝዩ ልሙድ ተባሂሉ ዝፍለጥ ረኽሲ ሳንቡእ ኒሞኒያ እዩ። ኒሞንያ ኑዩም ነኣሽቱ ከረጺታት ኣየር ናይ ሳንቡእ እዩ ዘጥቅዕ። ብዙሕ ግዜ ብተላባዒ ባክተርያ ይስዕብ። ብቫይረስ ወይ ብዕሲ'ውን ክላባዕ ይኽእል እዩ። ሓደ ኒሞንያ ዝሓመመ ሰብ ኣብ ጥቓኻ ኮይኑ ብዚይ መሸፈኒ ኣፍ ምስ ዝስዕል ወይ ዝህንጥስ እቲ ሕማም ናባኻ ክላባዕ ይኽእል።

ካብን ናብን ሳንቡእ ኣየር ዘቀብል ሻምብቆ ጉርጉማ (bronchial tube) ሕማም ብዘስዕቡ ታህዋስያን ምስ ዝጥቃዕ 'ብሮንካይትስ' (bronchitis) ክንሓምም ንኽእል ኢና። 'ብሮንካይትስ' ብዙሕ ግዜ ካብ ብባክተርያ ብቫይረስ እዩ ዝስዕብ።

ቫይረስ ንሳንቡእ ወይ ንሻምብቆታት ኣየር ናይ ሳንቡእ ከጥቅዕ ይኽእል'ዩ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፣ እቲ ሕማም 'ብሮንኪዮላይቲስ' (bronchiolitis) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። እዚ ሕማም'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ዕሸላት እዩ ዝርአ።

### ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ



ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ ካብ ፈኲስ ክሳብ ኣዝዩ ከቢድ ተባሂሉ ይግለጹ። ረኽሲ ሳንቡእ ዘርእዮ ምልክት፣ ብዕድመ፣ ብጥዕናዊ ኩነታት ናይቲ ግዳይ፣ ብጠንቂ ናይ'ቲ ረኽስን ካልእን ረቛሒታት ይፈላለ።

ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ ምስ ምልክታት ጉንፋዕን ኢንፍልወንዛን ይመሳሰል እዩ። ረኽሲ ሳንቡእ ዘርእዮ ምልክታት ካብ ጉንፋዕን ኢንፍልወንዛን ነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ምኻኑ እዩ።


### ረኽሲ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ከርእዮም ዝኽእል ምልክታት፦

ሓፈሻ ዓኽታ ዘለዎ ተደጋጋሚ ሰዓል

ሰዓል ብሰንኪ ቁጥዐ/ ነድሪ ኣብ ሻምቆታት ወይ ከረጺት ኣየር ናይ ሳንቡእ ንዘኣከቡ ዓኽታ ንደገ ንምውጻእ ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ። እቲ ዓኽታ ደም ዝተሓወሶ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

'ብሮንካይትስ' ወይ ኒሞንያ ዘለዎ ሰብ ዘውጽኦ ዓኽታ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል፦

- ጸሩይ ዓኽታ፣
- ጻዕዳ ዓኽታ፣




- ቀጠልያ ዓኽታ ወይ
- ብጭው ዝበለ ዓኽታ።

እቲ ምሰዓል ክሳብ ካልኦት ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም ዝሃስዱ ንሰሙናት ክቕጽል ይኽእል።

ዝወግእ ቃንዛ ኣፍ-ልቢ

ብሰንኪ ረኽሲ ሳንቡእ ዝፍጠር ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፣ ሸቒሻቒን ወጋእን እዩ። እቲ ቃንዛ ብዕምቈት ኣብ እትስዕልን እተስተንፍስን እዋን ብፍላይ መሊሱ ዝበኣሰ ይኸውን። ሓደ ሓደ ግዜ፣ እቲ ቃንዛ ኣብ ላዕለዋይን ማእከላይን ሸነኽ ዓንዲ ሕቖ ክስመዓካ ይርአ እዩ።

ረስኒ

ሰብነትና ንዘየኽሳ ረኽሲ/ ሕማም ንምጥፋእ ክቃለስ እንከሎ ዘርእዮ ምልክት - ረስኒ እዩ። 37 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ልሙድ ምቑጽሰብነትና እዩ። ብረኽሲ ሳንቡእ ኣብ እንጥቃዓሉ እዋን፣ ምቑጽሰብነትና ክሳብ 40.5 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ክበጽሕ ይኽእል። እዚ ኣዝዩ ሓደገኛ ምቑትእዩ።

ዝኾነ ሰብ ምቑትሰብነቱ ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝበጽሕ ዝተፈላለዩ ካልኦት ምልክታት ክርኢ ይጅምር፦

- ምሒር ረሃጽ፣
- ቁራቁሪ ምግሊ፣
- ቃንዛ ጭዋዳ፣
- ንቕጸት ሰብነት፣
- ተደጋጋሚ ቃንዛ ርእሲ፣
- ድኻም ሰብነት።

ስለዚ፣ ኣብ ከም'ዚ ኩነት ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ።

ቃንዛ ሰለፋ

ረኽሲ ሳንቡእ ምስ ዘጋጥመካ ጭዋዳታትካን ዓንዲ ሕቖኻን ከቖንዝወካ ንቡር እዩ። እዚ ቃንዛ'ዚ 'ማልጂያ' (myalgia) ይበሃል። ብሰንኪ ረኽሲ ሳንቡእ ኣብ ጭዋዳታት ሰለፋ ነድሪ ክፍጠር ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንቃንዛ ሰለፋ የቃልዕ።

ጸረርታ ኣፍንጫ

ረኽሲ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ኣፍንጫኡ ቀጢን ንፉጥ ጸረር ካብ ምግል ኣየቋርጽን እዩ። ኣብ ዝስዕሉን ዝህንጥሱን እዋን እቲ ጸረርታ መሊሱ ክበዝሕ እዩ ዝርአ።

ሕጽረት እስትንፋስ

ሓደ ካብ'ቲ ሓደገኛ ምልክት ረኽሲ ሳንቡእ ሕጽረት እስትንፋስ እዩ። ረኽሲ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ብኣጋኡ ኣለልዩ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ንሕጽረት እስትንፋስ እዩ ዝቃላዕ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሐ ግዳይ ብቐልጡፍ ናብ ሕክምና ክበጽሕ ይግባእ።

ምስልካይ

ሰብነትና ኑቲ ረኽሲ ንምሕዋይ ኣብ ዝቃለሰሉ እዋን ቀጻሊ ድኻምን ምስልካይን ክፈጥረልና ንቡር ተርእዮ እዩ። ስለዚ፣ ኣብ ከም'ዚ ኩነታት እኹል ዕረፍቲ ክንረክብ ይግባእ።

ጸጽ ምግል (Wheezing)

ብረኽሲ ሳንቡእ ዝተጠቕዐ ግዳይ ኣየር ንደገ ኣብ ዘውጽኣሉ እዋን፣ 'ጸጽ' ዝበል ድምጺ የውጽእ እዩ። እዚ ድማ ብሰንኪ ረኽሲ፣ እቶም ኣየር ዘውጽኡ ሻምብቆ ስለ ዝጸቡ እዩ።

ከንፈርን ቆርበት ሰብነትን ሰማያዊ ሕብሪ ክሕዝ ምርኣይ

ረኽሲ ሳንቡእ ዘጋጠሞ ሰብ ሕጽረት እስትንፋስ ክርኢ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ሰብነቱ እኹል ኦክሲጂን ስለ ዘይረክብ ድማ ሕብሪ ቆርበት ሰብነቱ ወይ ከንፈሩ ሰማያዊ ሕብሪ ክሕዝ ይርአ።

ጣዕጣዕ ዝብል ዘይንቡር ድምጺ ኣብ ሳንቡእ

ሓደ ካብ ምልክታት ረኽሲ ሳንቡእ፣ ኣብ'ታ ኣካል ዘይንቡር ጣዕጣዕ ዝብል ድምጺ ምስማዕ እዩ። እዚ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ባይባሲላር' (bibasilar) ይበሃል። ሓኪም ነዚ ድምጺ'ዚ 'ስተቶስኮፕ' ተጠቒሙ እዩ ክሰምዖ ዝኽእል።

ጠንቂ ረኽሲ ሳንቡእ

እቶም ልሙዳት ብቫይረስ ወይ ብባክተርያ ክስዕቡ ዝኽእሉ ረኽሲ ሳንቡእ

- ኒሞንያ (pneumonia)፣
- 'ብሮንካይትስ' (bronchitis)፣
- 'ብሮንኪዮላይቲስ' (bronchiolitis) እዮም።

ብዕሲ ክመጽእ ዝኽእል ረኽሲ ሳንቡእ ሳሕቲ እዩ።

- 'ኒሞሳይስቲስ ጂሮቨቺ' (Pneumocystis jirovecii)፣
- 'ስፐርጂለስ' (Aspergillus)፣
- 'ሂስቶፕላዝማ ካፕሱላቱም' (Histoplasma capsulatum) ከም ኣብነት ይጥቀሱ።

ኒሞንያ

ኒሞንያ፣ ኣብ ሓደ ወይ ኣብ ክልቲኡ ክፋል ናይ ሳንቡእ ብዝርአ ረኽሲ ዝፍጠር ሕማም እዩ። ነድሪ ሳንቡእ ተባሂሉ ከኣ ይግለጽ። ብባክተርያ፣ ቫይረስ ወይ ዕሲ ክኸሰት ይኽእል። ብባክተርያ ዝፍጠር ሕማም ኒሞንያ ብፍላይ ኣብ ኣባጽሕ ብዝበዝሐ ዝርአ ዓይነት ናይ'ቲ ሕማም እዩ።

ኒሞንያ ኣብ ለቆታ ንፋስ/ ኣየር ናይ ሳንቡእ ማለት ኣልቨዮሊ (alveoli) ነድሪ ይፈጥር። እቲ ለቆታ ኣልቨዮሊ (alveoli) ብፈሳሲ ወይ ምጉሊ (pus) ይመልእ። ንኸተስተንፍስ ድማ ከቢድ ጸገም ይፈጥር፣

ዓልጋት ወይ ዓኽታ ዝፈጥር ሰዓል፣ ረስኒ፣ ረሃጽ፣ ቁራቁሪ ምግሊ፣ ሕጽረት ምስትንፋስ፣ ቃንዛ ኣፍልቢ ገለ ካብ'ቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ምልክታት ሕማም ኒሞንያ ማለት ነድሪ-ሳንቡእ እዮም። ካልኦት ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም ድማ ብመሰረት ጠንቅን እቲ ሕማም ዘውርዶ ክብደትን ጉድኣትን ይፈላለ እዩ። ዕድመን ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናን ናይቲ ግዳይ'ውን ንኽብደትን ጠንቅታት ናይቲ ሕማምን ዝተፈላለየ ከም ዝኸውን ይገብሮ።

ፍሉይ ምልክታት'ቲ ሕማም ብጠንቁ

- ብቫይረስ ዝተኸሰተ ሕማም ኒሞንያ፣ ምልክታቱ ከም ናይ ጉንፋዕ እዩ ዝጅምር። ጸጽታ ዘለዎ ናይ ኣተነፋፍሳ ጸገማት ድማ የርኢ። እቲ ግዳይ ነዞም ምልክታት ምስ ኣርኣየ ካብ 12 ክሳብ 36 ሰዓታት ድሒሩ ልዑል ረስኒ ክርኢ ይጅምር።

- ብባክተርያ ዝኸሰት ሕማም ኒሞንያ ብልዑል ረስኒ ሰብነት እዩ ዝጅምር። እቲ ረስኒ፣ ልዕሊ 40.5 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (105 ዲግሪ ፋራናይት) ይበጽሕ። ብዙሕ ከም እትርህጽ፣ ከንፈርካን ጻፍሪ ኣጻብዕትኻን ድማ ሰማያዊ ሕብሪ ከም ዝሕዝ ይገብር።

ፍሉይ ምልክታት'ቲ ሕማም ብዕድመ

- ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ቅልጡፍ ዝኾነ ኣተነፋፍሳ የርእዩ።

- ናጽላ/ ዕሸላት ተምላስ የርእዩ፣ ዝኾነ ክስትዩ ወይ ክጠብዉ ብዙሕ ይሸገሩ። ሓይሊ ይሓጽሮም።

- ዓበይቲ ሰባት ካብ'ቲ ንቡር ዝተሓተ ምቑትሰብነት የርእዩ።

'ብሮንካይትስ'

ሻምብቆ ጉርጉማ ምስ ዝነድር ዝርአ ሕማም እዩ - ብሮንካይትስ። እዚ ሻምብቆ'ዚ ናብ ሳንቡእ ኣየር የብጽሕ።

ብሮንካይትስ ብዙሕ ግዜ ብቫይረስ እዩ ዝመጽእ። ናይ ኢንፍሉወንዛ ቫይረስ ከም ኣብነት ይጥቀስ።



'ማይኮፕላዝማ ኒሞንያ' (Mycoplasma pneumonia)፣ 'ክላሚዲያ ኒሞንያ' (Chlamydia pneumonia) ወዘተ ብሮንካይትስ ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያ እዮም።

'ብሮንካዮሊቲስ'

እቲ ዝኣኣሰ ናብ ሳንቡእ ኣየር ዘሕልፍ ሻምብቆ፣ ረኽሲ ምስ ዘጋጥሞ ዝመጽእ ረኽሲ ሳንቡእ 'ብሮንካዮሊቲስ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ፣ ክትስዕልን ክተስተንፍስን ከቢድ ዝገብር ሕማም እዩ።

መዓስ ናብ ዶክተር ንኺይድ?

ረኽሲ ሳንቡእ ብኣጋኡ ክፍወስ ምስ ዘይክእል ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ። ዝኾነ ሰብ ንሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ከቢድ ሰዓል ምስ ዝርኢ ወይ ሕጽረት እስትንፋስ ምስ ዝገብረሉ ናብ ሕክምና ክኸይድ ኣለዎ።

ምቑት ኣካላት'ውን ሓደ ካብ'ቲ ኩነታት ጥዕናና ንምሕባር ዝኽእል ምልክት እዩ።

ዕሸላት

- ክሳብ 3 ወርሒ ዝዕድመኦም ዕሸላት ምቑትሰብነቶም ካብ 38 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ንላዕሊ፣

- ካብ 3 ክሳብ 6 ወርሒ ዝዕድመኦም ዕሸላት ምቑት ሰብነቶም ካብ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ንላዕሊ፣

- ካብ 6 ክሳብ 24 ወርሒ ዘጽንሑ ዕሸላት ምቑት ሰብነቶም ን24 ሰዓታት ዝቐጸለ ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምስ ዝኸውን፣ ብቐልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸዱ ይግባእ።

ህጻናት

እቲ ህጻን፦

- ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምቑትምስ ዝህልዎ፣

- ቀጻሊ ምስ ዘምልሰን ቀጨውጨው ምስ ዝበልን፣ ከምኡ'ውን ርእሱ ምስ ዝሕምሞ፣

- እቲ ረስኒ ን3 መዓልታት ዝቐጸለ ምስ ዝኸውን ብቐልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸይድ ይግባእ።

ኣባጽሕ፦

- ልዕሊ 39.4 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምቑትምስ ዝህልዎ፣

- ንልዕሊ 3 መዓልታት ዝቐጸለ ምቑት ሰብነት ምስ ዘርኢ፣ ረኽሲ ሳንቡእ ክህልዎ ስለ ዝኽእል ናብ ሕክምና ክኸይድ ኣለዎ።

### ኣገባብ ምክልኻል

- ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ብምሕጻብ ምሕዳብ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን (ጀርምታት) ንኸይላብዑ ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ፣

- ብማይ ኣእዳውካ ከይተሓጸብካ ገጽካ፣ ብፍላይ ደማ ኣፍኻን ኣፍንጫኻን ዘይምሓዝ፣

- ናይ መመገቢ ኣቕሑ ብሓባር ምስ ካልኦት ሰባት ዘይምጥቃም፣

- ጸዓቂ ህዝቢ ናብ ዘለዎ ስፍራ ዘይምኻድ፣

- ምትካኽ ሽጋራ ምቍራጽ፣

ገለ ካብቶም ንምክልኻል ረኽሲ ሳንቡእ ዝጠቕሙ ኣገባባት እዮም።

**ምንጪ፦ health-line**

# “ባዕልና ኣእቲናዮ - ገዛና ብሒቱዎ”



*ሃይማኖት መሓሪ*

ሎሚ’ኳ፡ እቲ ኣብ መንጎ መሓዝይን ኣሕዋታን ምስ ኣቡሓጎኣን ወለዳን ዘሎ ዘየዕርፍ ጭቕጭቕ፡ ዳርጋ ናተይ ጉዳይ ኰይኑ ክሳብ ዝስመዓኒ ኣስተንትነዮ ኣለኹ። “ናይ ቀደም ሰባት፡ ምስ ናይ ቀደም ንብረት ተጣቢቖም ይነብሩ፡ ናይ ሕጂ ድማ ምስ ዘመናዊ ተሳሒቦም ምፍላይ ይኣብዩ” ዝበለት መሓዛይ ኩሉ ግዜ እያ ዝዝክራ። ‘ንኣሽቱ ፋሽን ይረኣየም፡ ኣረጊቶት ድማ ኣብ ታሪኽ ይነብሩ’ ክትብል እያ ደሊያ።

እዛ መሓዛይ፡ ንወለዳ “ነቲ ገዛ መኻዚና ናይ ጥንቲ ንብረት ገይሮሞ” ኢላ’ያ ተማርሮም። ኣብ’ቲ ገዛ ዘሎ ንብረት፡ እቲ ዝበዝሐ ብውሕዱ 60 ዓመት ገይሩ ይኸውን’ዩ። ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ዝስፍሓተን ክልተ ገዛ ኣለዋኦም። ብዘሐ. ስድራን ተመሳሰንን ደማሚርካ ብዘይምምራር ክነብሩ ይኽእሉ እዮም። እንተ ኹነ ግን፡ ኣብ’ቲ ገዛ ዘሎ ተጸቓቒጡ ዝተቐመጠ ንብረት ፋሕ እንተ ዝበል፡ 11 ገዛ ዝኣኽሎም’ውን ኣይመስለኒ። ኣብ ልዕሊ’ቲ ዝጸንሐ ማለተይሲ ናይ ዕድመ ብፅል ጸጋ ዝኾነ ንብረት፡ ሓድሽ እናተወሰኸ እናተወሰኾ. . . ገዛ እናመልአ መጺኡ። መቐመጢ ምስ ተሳእኑ ኣብ ትሕቲ ዓራት ምውታፍ ተጀሚሩ፡ እዚ’ውን ምስ መልአ ኣብ ልዕሊ ኣርማድዮን ከረዴንሳን ተጸፍጺፉ። እዚ’ውን ስለ ዘይኣኸሉ ከም ሓጺንን ፕላስቲክን ዝኣመሰለ ንብረት፡ ገሊኡ ኣብ ደገ ገሊኡ ድማ ኣብ ልዕሊ ዚንጎ ተደርዲሩ፡ ብሕጂ ዝስዕብ እንተ ሃልዩ ምናልባት ብደገ ኣብ መናድቕ ክንጥልጥል እንተ ዘይኮይኑ፡ ቦታ ዝበሃል የለን።

ሓደ ግዜ መሓዛይ ብድኻም ላሕ ኢላ መጺኣትኒ። ወዮ ኸኣ መሊቓ ደኣ መጽኣትኒ እምበር፡ ስርሓስ ኣይወደኣትን። “እሂ’ቲ እንታይ ደኣ?” እንተ በልክዋ፡ “ግደፊኒ’ስከ ተካል ወዓለ’የ መጺአ ዘለኹ” በለትኒ።

“እሂ እንታይ ተረኺቡ?”

“ትም በሊ. በጃኺ. ወርቂ ንኽትረኽብ ከማን ክንድ’ዚ ክትፍሕር ኣይትውዕልን ኢኺ። ስም ዘይብሉ ንብረት ንኽንደለስ ክልተ ገዛ ክንግልብጥ ትንፋስና ክንመልቕ። እንታይ ይብሃል ጓለይ፡ ረኺብዮ ዘለኹ ጉድ’ኮ. . .” ምስ በለትኒ፡ ሰናይ ከም ዘይወዓለት ተገንዚበ እየ። “ስም ዘይብሉ ንብረት” ምባላ ጋን ስለ ዝኾኸ ግን “ስም ዘይብሉ ንብረት ደኣ ኣሎ ደዩ? ከመይ ዝበለ እዩኸ?” ኢለ ሓተትክዋ።

“ስም ዘይብሉ ደኣ ስም ዘይብሉ! መጸውዒ ዘስኣንናሉ ናይ ቀደም ንብረት!”

መሓዛይ ተወዲኣዋ’ዩ ዝኸውን እምበር፡ ንሳ ካብ እትውለድ ኣትሒዙ ኣብ ገዛኦም ዝተቐመጠ ንብረትዶ ስሙ ከይሰምዓቶ ጸኒሓ ትብሎዋ! ደሓር ከም ዝሰማዕኩዎ እንተ ኾይኑ ግን፡ ጭራ (እሸ መበሊ) ናይ ኣቡሓጎኣ ክትደሊ’ያ ወዒላ ማስለኒ። መቸም ከም ሽዑ ገይራ ዘንጸርጸረትሉ ግዜ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን እዩ።

ናይ’ዞም ገዛ ናብራ፡ ኣብ መንጎ ጥንታውያንን ዘመናውያንን ዝቖይድ ክርፍስ ኰይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ኣብ ዕላል ይኸውን ቀይሑ ዝለዓለ ኣሰምት ናይ ነገራት እውን ብየዘን ምዕባለን ዘይጋጠም እዩ። ኣቡሓጎ ‘ጋቢዶ ሳርያንዶ’ ክብሉ ከለዉ፡ ደቆምን ደቂ ደቆምን ድማ ‘ቡዲዶ ጂንስ’ እዩ ዘረብኦም። ጎነን ሕፃማቶኙ፡ ቶርታን ቺትላታን፡ ፈጺሞም ምምጻጥም ስኢናዮም። ሓደ ስድራኡ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ሰጋብሊ’ሲ፡ ብዛዕባ ወለዱ ብዙሕ ግዜ ክዛረብ እሰምዖ ነይረ። ናቶ’ውን ኣብ ልዕሊ ወለዱ ዘሰምዖ መረረ’ዩ። ካብኡ፡ ብዛዕባ ኩነታት ጥሪትን ናብራ ገጠርን ብዙሕ ተማሂረ እየ። ንሱ ኣስመራ ካብ ዝኣቱ ነዊሕ ገይሩ እዩ። ወላዲቱ ክበጽሓሉ ክመጽኣ ከለዋ፡ ጎኑ ጥሕኒ፡ ቅጫ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ናይ ተሰኪይ መሸማዕ ምሉእ ሸዊት ሒዘናሉ እየን ዝመጽኣ። ንሱ ግን ፓስተን ፓስታን ስለ ዝለመደ፡ ጎነ ዘሒይኽ ሸውሃትን ዓቕሊን የብሉን። ገዛኡ ኩሉ ግዜ ብጥቑጃ ጎኑ ቅጫ ወይ ሸዊት ምስ መልአት እያ። ናይ ኣደ ነገር ኰይኑ ወደን ከይጠፍአ ኢለን፡ ካብ ቀለበን መቒለን እናምጽኣሉ፡ ንሱ ግን ዳርጋ ኣናጹ እዩ ዘፋርየሉ ነይሩ።


ከም ዝዕለለ፡ ብርክት ዝበለ ጥሪት ኣለዋኦም። ንሱ ኸኣ “እዘን ጥሪት ካብ ኑበስና ሓሊፈን ንምንታይ ክኾናና እየን። ገለኣን ሸይጥና ገለ ዘይንገብር” በሃላይ ኰይኑ፡ ወለዱ ግን ይትረፍዶ ጥሪቶም ክሸጡ፡ ኑታ ዘረብ’ውን ክሰምዑዋ ዝደልዩ ኣይኮኑን። ንሱ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ከውጽኣ ዝኽእላ ጥሪት ንጸበን ማሕረስን ጥራይ ክጥቀሙለን ምምራጾም ከም ደናቑር ገይሩ እዩ ዝወስዶም። ወይ ድማ ኣስመራ ምስ ኣተወ ገዚኡ ፈትዩ ኣሎ ማለት’ዩ።

ሓደ ግዜ ሳልሳይ ርእስና እናዕለልና ከለና፡ ከምኡ ኢሉ ከማርር ዝሰምዖ ሰብ፡ “ብናትካ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኣይትወሰዶ። እዘን ጥሪት ምስ ህይወቶም ጥቡቕ ምትእስሳር እዩ ዘለወን። ልክዕ ከም ውሉዶም ይርእየወን የፍቅሩወን ብዘይሸታኣን ክነብሩ ኣይክእሉን እዮም። ስለ’ዚስ ንዓታቶም ድማ ተረደኣዮም” ገሊታት ምስ በሎ፡ ሓሳቡ ዘይፈልጥ እንተ ነርከ’ኳ፡ ኣነ’ውን እቲ ዘቕረቦ ሓሳብ ተሰማሚዑኒ’ዩ። ንኸልብና ክሳብ ክንደይ ከም እናፍቅሮ እናዘከርኩ፡ ብማጠኑ ንሓሳቡ ደጊፈዮ። ብኡ ንብኡ ድማ ናይ መሓዛይን ወለዳን ክትዕ ዘከረ። “ንሳተምከ ምስ’ቲ ናይ ቀደም ንብረት ምትእስሳር ስለ ዘለዎም ደዮም? ስለ ዘፍቅሩዎ ደዮም?” ኢለ ንነብሰይ ሓተትያ። “ምናልባት ክኸውን ይኽእል፡ ከይከውን’ውን ይኽእል” በልኩ’ሞ፡ ‘ምስ ግኡዝ ማለት ህይወት ዘይብሉ ነገርከ ከመይ ኣቢሉ ፍቕሪ ይሕዞ’ ዝብል ሓሳብ መጽኣኒ። ሸማግለታት ኣብ ታሪኽ ምንባር ባህ ከም ዝብሎም ግን መንቋሕቋሒታ ኣሎኒ።

ናይ’ዞም ሰብ ጸጋ ዕድመ’ኳ ዝኾነ ምኽንያት፡ ኣነ ዝርኣኹ፡ ናይ ገለ ካብ’ዞም ናይ ሕጂ ወለዶ ኣተኣብራ እዩ። ውሑዳት ዘይኮኑ ኣብ ንብረት ገዛ ዘይኑብሩ መንእሰያት ሰቡሓዳር ኣጋጢሞምኒ እዮም። ኣቱም ሰባት፡ ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ገዛ ተኻርዮም ከብቆዕ፡ ሜትሮ ብሜትሮን ፈረቓን ኣርማድዮ፡ ሜትሮን ፈረቓን ብኽልተ ሜትሮ ከረዴንሳ፡ ናይ ሚእትን ኣርብዓን ዓራት፡ ፍሪጅ፡ ሓጻቢት. . . ትኽትኽ ምስ ኣበሉዋ “ገዛ ጸቢብና” ክብሉ የማርሩ። “ዘይዓቐምና ንብረት ገዚእና” ዝብል ሰብ ሰሚዐ ኣይፈልጥን። ኣብ ውሽጢ ገዛኦም - ገዛ ዘእትዉ እንተ ኾይናም ደኣ ክጸብቡ እዩ’ምበር። ብየልቲቤት፡ ክልተ ሜትሮ ዘይከውን ስፍሓት መሬት ጥራይ እያ እተጽሪ። ገዛ ምሉእ ከተጽሪ እንተ ኾይናስ እቲ ንብረት ብወፈራ ጥራይ እዩ ከወጽእን ክኣቱን ዝኽእል።

ሓንቲ መሓልቲ’ኳ ሓደ ብጸቢት ገዛ ዓቕሉ ዝወድአ ብዓል-ሓዳር ናይ ውሽጡ በጨቕ ኣብሊለይ ነይሩ። እንታይ ኢሉኒ ማስለኩም “ንገዛና፡ ክራይ ብዘይከፍሉ ተኻረይቲ መሊእናዮ ደኣ ከመይ ዓቕልና ዘይጸበበና” ኢሉኒ። “ባዕልና ኣእቲናዮ፡ ገዛና ኣወጺኡና” ዝብሃል ምስትምሳል እዩ ነይሩ። ሓቁ እዩ።

ናይ ክንደይ ሰብ ትሕቲ ዓራት እዩ፡ ብዘይጥቀመሉ ንብረት ገዛ ዓቕሉ ጸቢቡዎ ዘሎ? ናይ ክንደይ ሰብ ኣርማድዮ እዩኸ ብጡንዳ ዝኣተወ ብዘመሳል ክዳውንቲ ተጠርኒፉ ክፍት ከተብሎ ከለኻ ጥቕላል ክዳውንቲ ናብ እግርኻ ዝጸድፍ? ናይ ክንደይ ሰብ ከረዴንሳ እዩ፡ ዓመታት ብዘይተተንከፈ ሓደሽ ንብረት ተመሊኡ ዘሎ?



ንሕና እውን ካብኣቶም ብዙሕ ዘይንፍለ ከም ዝነብርና’ኳ ክኽሕድ ኣይደልይን እየ። ግን ናይ’ዞም ቀረባ ቤተሰብና ዝኾኑ ስድራ ኣቀማምጣ ክዳውንትን ኣጭርቕትን ሎሚ ክዘክሮ ከለኹ ከይተረፈ’ዩ ዓቕለይ ዘጽበበለይ። ጫማታቶም ኣብ ትሕቲ ዓራት፡ ኣብ ደገ፡ ኣብ ሽልፍ. . . ምስ ተደርደረ’ዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ንምንታይ ከም ዝደለዩዎ እንድዒ፡ ዝኣረገ ጫማታቶም ኣብ ልዕሊ ዚንጎ ናይ’ታ ብጣውላ ዝተሰርሐት ክሽነኦም ፋሕፋሕ ኢሉ’ዩ ዝነብር። ተመሃሮ ደቆም፡ ዲቪዛኦም ንክረኽቡዎ ዘሎ ሃልክን ኻዉ ነጀውን ክንግልጾም ኣይክእልን’የ። ንምሂ፡ “ዲቪዛይ ኣበይ ኣሎ? ቦርሳይ ከ? - ኣበዳኻ ኣቐሚጥካዮ፡ ኣብ ፍሉጥ ቦታ ዘይትገብሮ. . .” ዝብል ዘረባ ጥራይ ኢኻ ትሰምዕ። ቤቶም፡ ካብ ኣርማድዮ ሓሊፉ፡ ኣብ ካርቶናት ብዘይተሰገደ ክዳውንቲ እዩ መሊኡ። ረሳሕን ጽሩይን መፍለዪ ዘይብሉ፡ እኽብኩብ ኣጭርቕቲ ክምስል ብዘይጠገለ ተቐሚጡ፡ ሓንቲ ክዳን ንኽደልዩ ካብ ካርቶን ናብ ባይታ ገልቢጦም እንተ ዘይኮይኖም፡ ኣደም ሰዲዶም ወይ ብኡ ንብኡ ክረኽብዎ ማለት ዘበት’ዩ። ኣብ ሓደ ካርቶን ተፈቲሾ እንተ ተረኺቡ’ውን ጽቡቕ ዕድል እዩ።

እዞም ጉዱ ‘ንሰኡን ሰብ ምዑብ ወይ ድማ ‘ምጉሓፍ’ ዝብል ቃል ሰሚዖሞ ዝፈልጡ ኣይመስለንን። እቲ ዝገርመኩም፡ እተን እናቐያየሩ ዝኽደኑወን ኣልባሳት፡ ውሑዳትን ፍሉጣትን እየን። ዝኣረን ከናደዩ ዝሃልኩምን ዘጥፍኦም ግዜን ግን ‘ኣይንርእዮ’ ዝብል እዩ። በቃ ከምኡ ኢሎም ገዲፍናዮም፡ ከምኡ ኢሎም ከኣ ይህልዉ. ይኾኑ።

ናይ ኣቐሓ ገዛ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብኣልባሶቶም ንገዛኦም ዘጸበቡ ውሑዳት ከም ዘይኮኑ ዘጠፍኣኩም ኣ ይ መ ስ ለ ን ን ። ኣብ ገዛኹ ሰሳሳ ዝኾነውን ጫማ፡ ሓምሳ ዝኾነውን ስረ፡ ኣርብዓ ዝኾነውን ናይ ላዕሊ፣ ሰሳ ዝኾነውን ካልሲን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ቀንጠመንጢን እንተ ሃልዩኻ፡ እሞ ድማ እቲ ዝበዝሐ ዘይትኽደኖ ክኸውን፡ ንምንታይ ኢኻ እትዓቕሮ? እዚ’ኮ ዓቕሊ ጸበት እዩ። መን’ዩ ደቂይ “ንህይወት ኣይተኸብዳ፡ ባዕልኻ እንተ ኣኸቢድካያ ንሳ ድማ ኣይትገድፈካን ኢያ!” ዝበሉ። ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኹም ግን፡ ገለ ሰባት ኣለዉ. ይትረፍዶ ንሱብ ክህቡ፡ ዝኣረገ ክዳን ክጐሕፉ ኑብሮም ዘይጉብረሎም። ዓቕን ዘይብሉ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል ንብረት ኮማሪሞም “ገዛ ጸቢብና” ክብሉ ከለዉ. ድማ ኣመና የሕስበኒ። ከም’ተን “ግዜ ኣለዎ ደሓን” እናበላ ግዜ ዘርከበን ኣደይ ዋሕና ኰይናም እየም ዝስምዑኒ። ኣደይ ዋሕና፡ ዋላ ኣረጊት ይኹን፡ ዋላ ዘይጠቅም ይኹን፡ ጥር ትብል ኣቕሓ ክድርብያ ኣይደልያን’የን። ኣብ መወዳእታ ንሰን ከይደን እቲ ጥቕሚ ዘይነበሮን ኣጻብቡለን ዝበረን ጋዕገልጠመን ግን ብኻልኦት ተጓሒፉ።

“እዛ ንብረት እዚኣ 50 ዓመት ገይራ ኣላ፣ ሰሳ ዓመት ገይራ ኣላ. . .” እናበሉ ንትምክሕቲ ጥራይ ኣሎም ንብረት ዝዕቅቡ ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ዓብዩቲ እውን ኣለዉ። “እሂ’ሞ ሓምሳ ዓመት እንተ ገበረት?” ኢልካ እንተ ሓቲትካዮም መልሲ ዘይብሎም ማለተይ እዩ። ከምኡ እንተ ኾይኑ “ሓምሳ ዓመት ገይራ” ካብ ምባል፡ “ሓምሳ ዓመት ገዛ ኣጺቢባ” ምባል ይሓይሽ።

ኣነ’ውን፡ ክንድኡ ደኣ ኣይኹን እምበር፡ ዳርጋ ኩናንን ጫማን ናይ ምእካብ ልምዲ ኣጎጽላልዩኒ ነይሩ’ዩ። ደሓር ግን፡ ክዳውንተይን ጫማታተይን ብቐጻሪ ፍሉጣትን ዝዓቕመይን ክገብረን ወሰንኩ፡ ድሕሪ’ዚ፡ ብሓቂ ሰላም ረኺበ’የ። ዋእ - ምስ ስድራ ከለኹ’ኮ፡ ጋሕጋሕ ሕጻቦ ምስ ጀመርና፡ መሬት ምስ ዓረበ ኢና ነዕርፍ ነይርና። ንሱ ከማን እንተ ወዳእናዮ ኢና። ሰለስተ ሪጋ መስጥሒ. መሊኡ፡ እናበራረና፡ ማለት ዝቖጸ እናወረድና ንሰጥሓሉ እዋናት ነይሩ። ካብ’ቲ ኹሉ፡ ምናልባት ሓደ ሰሶ ንኽደኖ ነይርና ንኸውን። ጽሩይን ዘይጽሩይን ክትፈላሊ. ዘጸግመሉ ኩነታት እዩ ነይሩ ሽዑስ!

እቲ ንሰኡናት ምዑብ እሞ ንግደፎ፡ ብዘተኻእለና መጠን፡ ህይወትና ቀሊልን ጽፉፍን ክኸውልና ከም እንደሊ. ርግጸኛ እየ። ንኽትነብረሉ ኣብ ዝተኻረኻዮ ገዛ ዘይከፍሉን ዘይዛረቡን ተኻረይቲ ቅጸጽ ኣብልካ ተጻቢብካ ምንባር እንታይ ኣምጽኣ? ወጻኢታትካ ኣብ ግምት ብምእታውን ብዕላማን ክንበር ዘይከኣል ኣይኮነን። ከምኡ ድማ፡ ቤትካን ንብረትካን ብኣድማዕነት ክትጥቀመሉ ዝኽልክል ሕጊ ደዩ ባህሊ. የለን። እወ. . ኢልና ኢልና ናብ’ቲ “ንህይወት ኣይተኽብዳ. . .” ዝብል ብሂል ኢና እንመጽእ። እንተ ተኣለዩ ብዙሕ ጸገም ብዘየምጽኡ ነገራት ገዛናን ዓቕልናን ምጽባብ ልቦና ክኸውን ኣይክእልን።

በሉ’ስኪ፡ ኩላትና ጠቢትና ንፈትሾሞ፡ ክሳብ ክንደይ ኢና ንኹሉ ኣብ ቤትና ዘሎ ኣቕሓ እንጥቀመሉ? ሰላሳ ክዳውንቲ እንተ ሃልዩና፡ ካብ’ዚ ክንደይ ኢና ንኽደን? ዘይምኽኑን ጥራይ ዘይከኣሉውን ንዓመታት ርኢናዮ ዘይንፈልጥ ጫማታትናኸ ክንደይ እዩ? ኣብ መንደቕ ተሰቒሉ ዓመታት ዘቑጸረን ብጠቕር ዝተኸድናን ስፈኸ ኣለናዶ ይኸውን? መቸም ኣብ መብዛሕትና፡ ኩሉ’ኳ እንተ ዘይበልኩ ገለ ከም ዘሎ እየ ዝኣምን። እሞ እንታይ ንጸበ ኣለና?

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ከሰስቲ ወረ/ፍ/ ህይወት ዘወልዲ ወልደገርግሽ፣ ትብለጽ ነጋሽ ኣውዓሎም፣ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ ህይወት ዘወልዲ ወልደገርግሽ፣ ነፍ/ ነበሰት ወልደጋብር ተሰፋማርያም +43 ንናይ ምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ተኸሰስቲ ቁ/2 ቴድሮስ ኣብርሃ ተሰፋይ 5. ሄዋን ኣብርሃ ተሰፋይ፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ/37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መ/ወሃቢት ወ/ሮ ኣብርሀት ተሰፋሚካኤልን ወ/ሮ ናጽነት ተሰፋሚካኤልን፣ ብዩግበይ በዓል ኣቶ ሃብትኣብ ጎጆ ደስታ ናይ ይግበየ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣምለሰት ባህታ ዑቕባጋብር፣ ብዓል ቤተይ ነ/ሄር ሚጀር ሃብቶም በርሀ ጉብረሂወት ስለ ዝሞረ፣ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 3 ደቂና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/37 ይቕረብ።

ከሳሲ የናታን ተወልደ ግርሙ፣ ተኸሳሲ ሄኖክ ዘርኣይ ወልዳይ፣ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፣ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ማኩዳ ግርማይ ካፍል፣ ተኸሳሲ ፋትኣል ክብረኣብ ተሰፋሚካኤል፣ ንምጽዳቕ ፍትሕ ዝምልከት ክሲ ተማሰሪቱልካ ስለዘሎ፣ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ክፍለማርያም ጸጋዘኣብ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ተሰማ ኣብርሃ፣ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ዓንደ ምሕረት፣ ተኸሳሲ ኣቶ ጃዕፈር እድሪስ፣ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአረ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ኮኾብ ዘኣማን ኪዳ፣ ተኸሳሲት ወ/ሮ ልዋም ግርማይ ነጋሲ፣ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሰሪቱልኪ ስለዘሎ፣ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሰምረት ተኽለማርያም ተሰፋልደት፣ ብዓል ቤተይ በርሀ ተሰፋይ ተወልደ ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቂና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሞንስ ተወልደብርሃን ዑቕባ፣ ካብ ኣቦይ ነ/ሄር ሻምባል ተወልደብርሃን ዑቕቡ ብለበዋ ዝረኸብኩዎ ገዛ ኣብ ዓዲ ባሪ ዝርከብ፣ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፣

ሞንስ ተወልደብርሃን ዑቕባ፣ ካብ ነ/ሄር ኣረጋሽ በርሀ ተላ ብለበዋ ዝረኸብኩዎ ገዛ ኣብ መንደፈራ ዝርከብ፣ ምስክር ወረቐት ቁ/400554 መወከሲ ቁጽሪ 400122 ዝተረጋገጸ ቪላ ምስ ሰርቪሱ በዚ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ኣልማዝ የሴፍ መጃሾ፣ ተኸሰስቲ ወ/ነ/ሄር ኣብርሀት ወልደዝብረኤል ብርሃ ተተኪእቲ ደቃ ማጀር የሴፍ፣ ጴጥሮስ የሴፍ ኣቦ የሴፍ፣ ብናይ ንግዲ ፍቓድ (ሊቸንሳ) ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ የናታን ግርማይ ባይሩ፣ ተኸሳሲ ሳልሕ ዓብዱ ዓብደልከሪም፣ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ናይ መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሳምኤል ጎጆ ምባል ተረፉ፣ ርስቲ ተሰፋሚካኤል ጎጆ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

ምሽሾ ዓንደሚካኤል ተኽልዝጊ ምባል ተረፉ፣ ወ/ሮ መሽሾ ዓንደማርያም ተኽልዝጊ፣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መቕት ዝብርሂወት ወልዳይ ምባል ተረፉ፣ ሂብል ዝብርሂወት ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

ወ/ሮ ኣጸደ ኣረጋይ ፍስሃ፣ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሓድጉ ኢሳቕ ዝብርመድህን ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 8 ደቂና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

መሓመድሳልሕ ከሊፋ ያሲን ምባል ተረፉ፣ ሳልሕ ከሊፋ ያሲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

ሄርሜላ ሃይለ ዓንደ ምባል ተረፉ፣ ናጽነት ሃይለ ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ለተኪዳን ዑቕባጽዮን ወልዱ፣ ሰወእ ብዓል ቤተይ ተኽሊያ ግርማይ በርሀ ምባል ተረፉ፣ ተኽሊያ ግርማይ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

ጺጋይ ተኸስተ ብርሃ፣ ወለድና ተኸስተ ብርሃ ሃብተን ኣበበ ናይዝጊ ዓንደሚካኤልን ስለዝሞረፉ፣ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ተወልደ ገ/ሂወት ተሰፋይ ምባል ተረፉ፣ ቶማስ ዝብርሂወት ተሰፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

ወ/ሮ ብርሃን ተኽለ ይግዛው፣ ብዓል ቤተይ ኣለምሰገድ ዝብረሚካኤል ገሰሰ ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቂና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

ወ/ሮ ለተጽዮን ዑቕባይ ሓድጉ፣ ብዓል ቤተይ ሃይለ ወልደሚካኤል ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቂና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፣

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሰስቲ 1. ወ/ሮ ሰዒዳ ዓብዱ ዑመር 2. ኣቶ መሓመድሰዒድ ዑመር ኢብራሂም፣ ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ኣስገዶም ሓገስ ንገሰ 2. ወ/ሮ ልእልቲ ኪዳነ ኣባይ - ናይ ሰም ምትሕልላፍ ውዕል ምትግባር ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

---

ብስም ምጽኣል ሃይለ ብሩ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00032927 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሃገር ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ ሬስቶራንትን ባርን ፒዘርያን ትካለይ፣ ንኣቶ ዳኒኤል መልኣኩ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 725-5 ቁ.ገዛ 19 ካብ ዕለት 01/01/2023 ክሳብ ዕለት 01/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፣ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፣ እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ምጽኣል ሃይለ ብሩ

---

ኣብርሃም ሃይለ በየን፣ ህያብ ወሃቢቲ ኣቶ ሃይለ በየን ወልደገርግሽን ወ/ሮ ሰማይነሽ ኣርኣያ ምንሊክን ኣብ ቅድሚ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ቀሪቦም ዕለት 07/03/2024 ብቑ/መዝ/43/2024 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ 1A 158 ጎደና 158-14 ቁጽሪ ገዛ B17 ፕሎት 58 ቁጽሪ ፓርሰል ዞን ASP00028091 ፓርሰል፣1 ስፍሓት መሬት 2000.55 ት/ሜተር ስፍሓት ህንጻ 175.04 ት/ሜተር፣ ብዘሎ ክፍልታት 6 ቀንዲ ክፍልታት 5 ተሓጋገዝቲ ክፍልታትን ማለት 2 ክሽነን 3 ዓይኒ ምደርን ዝርከቦ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ስለ ዝሃቡኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግበየ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፣ እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ምዃነይ እሕብር።

ኣብርሃም ሃይለ በየን
ወኪል ኣቶ ሃይለ ጉብሩ

---

ብስም ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00035803 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ላም ቁ.ገዛ 104 ዝርከብ ናይ ዱኳንን እንዳ ሲጋን ትካለይ፣ ንወ/ሮ ሰለማዊት ደበሳይ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ዓይገት ቁ.ገዛ 21 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፣ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፣ እንተዘይተኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ዞባ/ ኣባሻውል፣ ፕሎት "47" ፓርሰል "A" ስፍሓቱ 118.08 ት/ሜ መለለዪ ቁ.ንብረት 1፡018974/1 ብስም ወ/ሮ ግደይ በራኺ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፣ ብዕለት 14/4/2025 ስለ ዝዓደግናዮ'ሞ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግበየ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፣ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፣ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጸም ምዃንና ንሕብር።

1. ኣቶ ዘመንፈስ እዝራ
2. ኣቶ ጺጋይ የውሃንስ ሃይለ

---


## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ንዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ብርኽቲ ክፍለማርያም ጉብሩ፡ ብወኪል ኣቶ ሙሴ ቀሺ ወልደሰላሴ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ወልደሰላሴ ጸጋይ ዘርኣጼን ስለዝዀረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ት ትርሓስ ጉብርብርሃነ፡ ዓፀዩ ሳራ ካሕሳን ኣቦሓጎይ ጉብረ ናይዝጊን ስለዝዀረፉ፡ ኣነ ንኣደይ ብምትካእ ምስ 18 ሓትኖታተይን ደቂ ሓትኖታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሄኖክ የማነ ተኸስተ፡ ኣደይ ቅዱሳን ወልደገርግሽ ዓንደጸዮን ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መብራህቱ ጉብረሃዋርያት ተኽለሃይማኖት ምባል ተሪፉ፡ መብራህቱየም ጉብረሃዋያት ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸርሃኣርያም ብርሃ ካሳ ምባል ተሪፉ፡ ኣድያም ብርሃ ካሳ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ዓወት መብራህቱ ጉብረወልድ ምባል ተሪፉ፡ ዓወት ብርሃ ጉብረዝግሄር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ገርግሽ ጉብረማስቀል፡ ሰወእ ብዓል ቤተይ ኣብርሃለይ ተኽለ ወ/ሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃም ተኽለ ወልደሚካኣኤል ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ከሳሲት ትርሓስ ሓፀሎም ማሻ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ካሕሳይ በላይ 39 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጉዳይ ሓዳረይ ናብ ቤት ዘመድ ሽማግለ ቀሪቡ ክርኣየለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ሓምድ መሓመድኣደም ኣብብከር ምባል ተሪፉ፡ ሓምድመሓመድኣደም ኣብብከር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

እድሪስ ሰዒድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ ሰዒድ ዓሩ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደላ ዓሊ መሳ ምባል ተሪፉ፡ ዓብደላ መሓመደዓሊ ሐመድ መሳ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሐመድ መሳ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሐመድ መሳ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዲላበርዕድ

ወ/ሮ ማስቀላ ተስፉማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሰላት ተስፉማርያም የውሃንስ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ማሕሙድ ዐስማን ሓምዶ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዐስማን መሓመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተሚካኤል ወልደሚካኤል ዑቕባዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዞማርያም ጉብርስላሴ ተኪኤ ስለዝዀረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓብደላ ዐስማን ዓብደሉ፡ ተጸዋዒ እድሪስ ዐስማን፡ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ጉዚዩ ን8 ዓመት ዓጸዩዎ ስለዘሎ፡ ጉዚዩ ክረክበ ስለ ዝበለ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ሰሌን መሓመድ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ሰሬት መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ልኡል ድራር ምባል ተሪፉ፡ መትከል ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፈይሰል ብላል ኣቡ ምባል ተሪፉ፡ ሃይሰም ብላል ኣቡ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተወልደመድህን ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ተወልደ ፍስሃየ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ክፍሎም ግርማይ፡ ኣደይ ከብድ በየነ ሓጎስ ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጆርጆ ዑቕባጸዮን ወልደሰላሴ፡ ት/ዕድመ ጓለይ ሮዚና ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ኪዳነ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ንጸህቲ ደብረጸዮን በየነ፡ ደቂ ብዓል ቤተይ ነ/ሄር ጉዕሽ ሃይለ ብሪ ዝኾኑ፡ 1.ኣቶ ሙሉጌታ ጉዕሽ ሃይለ 2. ወ/ሮ መኣዛ ጉዕሽ ሃይለ ዝተባህሉ፡ ካብ 2000 ዓ/ም ደሃዮም ስለ ዘይብለይ፡ ጥፉኣት ተባሂሎም ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ሰሜናዊ ደምበ ሰሜናዊ፡ ፕሎት 5307 ፓርሰል S 307 ናይ ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብቑ.መለለዩ ንብረት 1፡00083 ብስም ኣብርሀት ተኽለማርያም ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ ዋንነት (ሊብሬቶ) ግዛ ስለ ዝጠፋኣኒ፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝበለ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07150868 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣርብሀት ተኽለማርያም

ኣቶ ሃብተማርያም ዓንደሚካኤል ተኽለ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት መግቢ ንግዳዊ ትካሎም "ኮራል ቤት መግቢ" (CORRAL RESTAURANT) ተባሂሉ ክሰርሓሉ ስለ ዝሓተቱ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ ወሃቢ ንግዲ

ብስም ኣዜብ ኣርኣያ ኣረፈ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00035153 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ኳላ ቁ.ገዛ 84 ዝርከብ ናይ ዝተሰፈየ ክዳውንቲ መሸጢን ከስሙቲኽስን ትካለይ፡ ንኣቶ ኣብርሃም ጉብረብሃን ጉብረዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ሞንጎራይብ፡ ቁ.ገዛ 726፡ ካብ ዕለት 01/01//2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ኣዜብ ኣርኣያ ኣረፈ  
ሕጋዊ ወኪል - ጸሃየ ሞገስ ሃይለማርያም

ብስም ጽገሬወት ቃልኣብ ተስፉዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00027652 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና ዓዲ ኣቤይቶ ቁ.ገዛ 307 ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ማክዳ ተኽለ ወልደትንሳኤ - ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና B ቁ.ገዛ 25፣ ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ጽገሬወት ቃልኣብ ተስፉዝጊ

ኣነ ሰለሙን ካሕሳይ ኣውዓሎም ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ዓዲ ሓወሻ መወከሲ ቁጽሪ 723፣ ቁጽሪ ምርሒት መሬት 6185 ዝተመርሓለይ መሬት ጤሳ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሓዚዎ ወይ ወዲቑ ረኺበዮ ዝበለ እንተሎ፡ ብቑ/ስ 07136851 ክሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ጨንፈር መሬት ዞባ ማእከል መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ሰለሙን ካሕሳይ ኣውዓሎም  
ሕጋዊ ወኪል - ቃልየ በኹረድንግል በርሀ

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፡ ምጥቃላል ዲናሞ፤ ምዕራይ ኮምፕሮሰር፤ ምዕራይ ጀነሬተር  
ኣሃዱ፦ ህዝባዊ መጎዓዝያ ከተማታት (ቀያሕቲ ኣውቶብስ ከተማታት)  
ኣርእስቲ ውዕል፦ ንሓደ ዓመት ውዕል ምጽጋን ንምክያድ  
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ  
ህዝባዊ መጎዓዝያ ከተማታት ካብ 01 ግንቦት 2025 ክሳብ 31 ግንቦት 2026 ምጥቃላል ዲናሞ፡ ምዕራይ ኮምፕሮሰርን ጀነሬተርን ከካይድ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎ ነጥብታት፦

1. ተጫረትቲ፡ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጸገና ብዕሹግ ደብዳበ የቕርቡ፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ጸገና ዘካይዱ ክፉት'ዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሰራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ቀጺላ ኣብ ዘላ መዓልቲ ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ማእከላይ ቦታ ህዝባዊ መጎዓዝያ ከተማታት ይኽፈት፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
6. ተጫረትቲ ብቁጽሪ ስልኪ ህዝባዊ መጎዓዝያ ከተማታት 200207 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
7. ህዝባዊ መጎዓዝያ ከተማታት፡ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ህዝባዊ መጎዓዝያ ከተማታት

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓጸር ዛንታ

# እቲ ቄጻሪ

ሙሴ ብርሃነ

“ሰብ እንታይ እዩ?” ሓተተ እቲ ቄጻሪ እንቋቑሖ። ዋላ እኳ ምውዓሉ፡ ኣብቲ ደርሁን እንቋቑሖን ዝፈርየሉ ደምበ፡ እንቋቑሖ ቄጺርካ ንዓማዊል ምርካብ እንተኾነ፡ ምስቶም ጎፍ ክብሉዎ ዝውዕሉ ሰባት ግን ሕቶ ካብ ምስንዳው ኣይዓርፍን። ዘንበቦምን ዝሰምዖምን ሓሳባት ምስ ዝረኽቦም ሰባት ይካፈል። እታ ንግሆ እውን ምስቲ ቀድሚ ሕጂ ርእዩዎ ዘይፈልጥ ሓድሽ ኣራኺባቶ።

‘መን ምኳነይ ዘፈለጠ ኣይመስለንን’ ክድምድም ፈተነ ሓድሽ። እቶም ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዝሰቐሎም ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቓቕቱ ምስ ዘከረ፡ ናይ ምስትሕቓር ፍሽኽታ ኣብ ውሽጢ እተን ዘይተኸፍታ ከናፍሩ ተጻሕፈ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብያተ ምርምር፡ ብዓቢ ኣኽብሮት ዝጥምቱዎ ሰባት ትዝ ምስ በሉዎ ናብታ ኣብ ውሽጡ ዝለመዳ ዓለም ክምሰጥ ፈተነ። ‘ኣነ ኣዝየ ዝተፈለጥኩ ናይ ስነ ፍልጠት ተመራማሪ እየ፡’ ክብሎ ምስ ሓሰበ፡ እቲ ቄጻሪ ክሰምብድ ከም ዝኽእል ምስ ገመተ ገደፎ።

ሓድሽ ናብቲ ምስ ደርሁን እንቋቑሖን ዝተኣሳሰረ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዝካየደሉ ማእከል ዝመጽአ፡ ንዘካይዶ ስነ ፍልጠታዊ ምርምር ዝኸውን ሓበሬታ ንምእካብ እዩ። ኣብ መንጎ ዕዮኡ ኣብቲ ናይ ሕርሻ ቦታ ዘወር እንክብል ግን እቲ ቄጻሪ ምስ ሕቶኡ ጎፍ ኢሉዎ።

“‘ሰብ እንቋቑሖ እዩ፡’ እኳ ኣይትብለንን?!” እቲ ቄጻሪ ብሃንደበታዊ ፍሽኽታ ጠመቶ። ኣብቲ ቍንጹብ ሰብነት ዝተሰቕለት ገዛፍ ርእሱ፡ ምስተን ዝተፈናተታ ደቀቕቲ ኣስናኑ፡ ኣብ ብሩህ ሕብሪ ገጹ ህንጡይነትን ቅልጣፈን ይንበብ ነበረ።

“ንስኻ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡” ሓድሽ ብኣጠማምታ ክግስጾ ፈተነ።

“ኣነ ሰብ ስለ ዝኾንኩ እየ። ንስኻ እውን ሰብ እንተ ዀንካ እንቋቑሖ ኢኻ።”

ሓድሽ፡ ኣብታ ታህታህ እትብል ከባቢ ገጹ ሕርቃን ከም ማይ ተኻዕወ።

“ኣነ ሓድሽ ኣነ ክንደይ ሰራሕ ዝሰርሕ ሰብ ምዃነይ ኣይፈለጥካን። እዚ ተራ ናታትኩም ዋዛ ዘይኮነ፡ ክንደይ ምሁራዊ ስራሕን ምርምራትን ከካይድ እውን ግዜ የብለይን። ክንደይ ደረጃኡ ዘይፈልጥ ሰብ ...።”

እቲ ቄጻሪ ቅንዕ ኢሉ ብምቕሉል ፍሽኽታ ጠመቶ። ነቲ ዘዘነበ ናይ ቍጥዓ ዘረባ ዘጽሒ ዓቕሚ ከም ዘሎዎ ብዘመስክር ህድኣት ኣዒንቱ ሰምሰም ድሕሪ ምባል፡ “ውሽጥና፡ ብዘረባን ርእይቶን ናይ ሰባት ዝስበር፡ ብሃንደበታዊ ገምጋማት ዝሸረፍ፡ ተነቃፊ ምዃኑ ትርኢ ምሽ ኣለኻ። ካብዚ ንላዕሊ እንቋቑሖ ኣሎ ድዩ? እዚ ተዘሪኡካ ዘሎ ቍጥዓ ካበይ መጺኡ? ውሽጥና ብኸውሒ ወይ ሓጺን ዘይኮነ፡ ከም እንቋቑሖ ብዝመስለ ረቂቕ መንፈት እዩ ተሰሪሑ።”

ሓድሽ ነቲ ዘረባ ብንዕቀት እናሰምዐ፡ ‘እዚ ቄጻሪ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ዝጐድሎ፡ ወይ ከኣ ዘረባ ዝሓዋውስ እዩ፡’ ኢሉ ክግምት ፈተነ። ግምቱ እውን ጽቡቕ ስምዒት ፈጠረሉ። ‘እቶም ዋናታት መውዓሊ እንተኾና ኢሎም ኣእትዮሞ ይኾኑ፡’ ኢሉ ሓሰበ። ኣብ መንጎ እዚ ሓሳቡ ግን እቲ ቄጻሪ ኣእዳው እናነገፈ ወግዑ ቀጸለ።

“ካብ መጀመርታኡ ሰብ እንቋቑሖ እዩ። ኣብ ማህጸን ናይ ኣደታትና ኩልና እንቋቑሖ ኢና ኔርና። መቸም ኣብ ናይ ዩኒቨርሲቲ መጽሓፍ፡ ብዛዕባ እዚ ጽቡቕ ጌርካ ኣንቢብካ ኣለኻ?! እታ ሰበይቲ፡ ኣብ ማህጸና እንቋቑሖ ነይሩ። ካብ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ዘርኢ ምስ ረኸበት ከኣ ጸናቢራ ካልእ እንቋቑሖ ተዕኩኸት። ከምኡ እዩ ዝብል። ኩልና ማዕረ ኢና ካብ ፈለማ። ሃብታም ወይ ድኻ እንቋቑሖ፡ ምሁር ወይ ዘይተማህረ እንቋቑሖ፡ ቀይሕ ወይ ጸሊም እንቋቑሖ፡ ... ዝብሃል የለን። ኩልና ማዕረ ኢና። ኣብ ሰባት ዘሎ ፍልልይ ኩሉ ደሓር ዘምጻእናዮ ወይ ዝመጽአ እዩ።”

“እህ...እህ...፡” ሓድሽ ናይ ምግራምን ምብጫውን ሰሓቕ ክፍንቅሎ ደልዩ ምስ ዓበሶ፡ እታ ገዛፍ ከብዱ ሓፍ ሓፍ ኢላ ተመልሰት። ብውሽጡ ነታ ‘ንበጊዕ፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ዝርኣዮ ነገር ኩሉ፡ ሳዕሪ ኮይኑ ይስምዖ እዩ፡’ እትብል ጽውጽዋይ ዘከረ። እቲ ቄጻሪ እንቋቑሖ ኩሉ ነገር እንቋቑሖ ኮይኑ ይስምዖ ከም ዘሎ ገመቶ። ብገዛእ ሓሳባቱ ክስሕቕ ክብል ግን እቲ ቄጻሪ ብፍጥነት ካልእ ሕቶ ብምልዓል ጸመዶ።

“ናይ ኣደታትና ፍቕርን ለውሃትን ትዝ ኣይበለካን?!” እቲ ቄጻሪ ኣዒንቱ ዓመቶ። ኣብ ናይ ፍቕርን ናፍቖትን ቀላይ ቀስ ኢሉ ዝጥሕል መሰለ።

“ናይ ኣደ ፍቕሪ፡ ኣብ ሓደ ቄራሪ ቦታ፡ ንግሆ ምድሪ መጺኡ ከም ዝድህሰሰካ ጩራ እዩ። ናይ ኣደ ፍቕሪ፡ ዋላ ዓቢኻ፡ ዋላ ርእስኻ ክኢልካ እናነበርካ እንከለኻ፡ ኣደኻ ከም ህጻን ከም ናጽላ እያ እትጥንቀቐልካ። ንስኻ ንኣደኻ እንቋቑሖ ኢኻ። ምኽንያቱ፡ ንሳ ገና ደቂቕን ተነቃፍን እንከላኻ ኣትሒዛ እያ እትፈልጠካ። እቲ ደሓር እተምጽኦ ምዕባለን ሓይልን ዋላ ትፍተዎ፡ እቲ ቀደም ዝነበረካ ድኹምን ተነቃፍን ዓቕምኻ ስለ እትፈልጦ፡ ከይትጐድኣ ትደሊ። ንሳ ቄሪራ እውን ንዓኻ ንምኽዳን ትጽዕር። ጠምያ እንከላ፡ ‘ጸጊበ’ እናበልካያ ከተኹልሰካ ኢዳ ትሰድድ። ናይ ኣደ ፍቕሪ ...፡” እቲ ቄጻሪ ድምጹ እናዓሞቘን እናለስለሰን ይኸይድ ነበረ። ሓድሽ ካብ ሓደ መኽዘን እንቋቑሖ ናብ ሓደ መድረኽ ትያትር ከም ዝገዓዘ ስምዒቱ ተሰርቀ።

“ብዘኾነ ኣደኻ ከመይ ኣላ?” እቲ ቄጻሪ ሃንደበታዊ ሕቶ ደርብዩ፡ ኣብ ባኮ ዝሰፈረ እንቋቑሖ ብጥንቃቐ ናብ ምድርዳር ተመልሰ።

ሓድሽ፡ ናብ ሓደ ዓሚቑን ገፊሕን ናይ ሓሳብ ኣዳራሽ ኣተወ። ሽዑ ንኣደኡ ዘከራ። ብዙሕ ዋጋ ከም ዝኸፈለትሉ፡ ንሱ ግን ዝግባእ ሞሳ ከም ዘይመለሰላ ሕልናኡ ነገሮ። ንሕልናኡ ዝህቦ መልሲ ኣይነበሮን። ሽዑ ከቢድ ሰቕታ ነገሰ። ደቓይቕ ክሓልፉ እንከለዉ ድምጾም ይሰማዕ ነበረ።

“ኣብቲ ዝብጻሕ ምስ በጻሕኩ ንኣደይ ኣይረኸብኩዋን፡” እቶም ቃላት ካብ ኣፍ ሓድሽ እንክወጽኡ፡ ጥብ ከም ዝብል ናይ ጽንቃቕ ማይ ቃና ነበሮም።

“ኣበይ ስለ ዝበጻሕካ ኢኻ ‘ኣብቲ ዝብጻሕ ምስ በጻሕኩ’ እትብል ዘለኻ? እምበርከ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ በጺሕካ ዘውዳእ ደረጃ ኣሎ ኢልካ ትኣምን ኢኻ?”

ሓድሽ ዝምልሶ ስኢኑ ተሎጉመ። ምሁርነቱ ከም ንፋስ ሸው ኢሉ እንክሓልፍ ተራእዩ።

“ኣብታ ግዜ እቲኣ፡ ካብታ ዘላትካ፡ እታ ክትገብራ እትኽእል ምግባር፡ ካብ ብዙሕ ጣዕሳ እዩ ዘድሕን። ንስኻ ኣብቲ ክበጽሖ ኣለኒ ኢልካ እትሓስቦ ደረጃ ክሳብ እትበጽሕ፡ ነገራት ከተርክቦም ኣብ ዘይትኽእል ቦታ ኮይኖም ይጸንሑ እዮም። እምበርከ ኣበይ ክትበጽሕ ኢኻ ትሓስብ ኔርካ?!” እቲ ቄጻሪ ትኽ ኢሉ ኣብ ኣዒንቱ ጠመቶ። ሓድሽ ዝምልሶ ጠፍኦ። ጸኒሑ ግን እቲ ቄጻሪ ባዕሉ ንዝሓተቶ ሕቶ ክምልስ ጀመረ።

“ኣብዚ ዓለም ዝኽየድ እምበር ዝብጻሕ ነገር የለን። ጉዕዞ ጥራይ እዩ። መንገዲ፣ በቃ ዘይውዳእ መንገዲ። ምኽንያቱ እቲ ሓድሽ ዝመስለና መጀመርታ፡ ናይ ሓደ ካልእ ነገር መወዳእታ እዩ። እቲ መወዳእታ ዝመስለ ኩነታት ከኣ ናይ ሓደ ካልእ ሓድሽ ነገር መጀመርታ እዩ። ዘይውዳእ ጉዕዞ!” እቲ ቄጻሪ ኣእዳው ንድሕሪት ጠውዩ ርእሱ ድሕሪ ምድናን፡ ብሕቶ ቀጸለ።

“ምስ ሞትና ስቕ እንብል ንምንታይ እዩ?”

“እንድዒ፣ ማለት እንተ ሞይትና...።”

“ብህይወት እንከለና በጺሕና ንዘይንውድኦ መንገዲ ክንከይድ ስለ እንነብር እኮ ኢና ምስ ሞትና ስቕ እንብል፣ በቃ ነዕርፍ። ኡፍ...!”

ሓድሽ ኣዕንቱ ናብቲ ኣብ ርእሲ ዝተደራረበ ናይ እንቋቑሖ ኵምራ ኣመላለሰን። ምስቲ ዝተዓዘቦ ክቢ፡ ኣእምሮኡ ዘወሮ። ብዙሓት ሕቶታቱ ምስቲ ዝርእዮ ክብታት ኮፍ ኮፍ ኢሎም ዝጥምትዎ መሰሉ። ሽዑ ሓሰር ዝብቁጽ እህታ ዝተሓወሶ ትንፋስ ኣስምዐ።

“ፍቓደኛ እንተ ኴንካ ብሓደ ክንቄርስ?” ሰዓቱ ድሕሪ ምምልካት እቲ ቄጻሪ ተመቕሊሉ ሓተቶ።

“ጸገም የለን፡” ተኸተሎ።

ሓድሽ ካብቲ መኽዘን እንቋቑሖ ድሕሪ ምውጻእ፡ ካብ ዓቢ ጉንዱ ኣብ ዝተጸርበት መንበር ኣብ ትሕቲ ዓባይ ጽላል ኮፍ ኢሉ ክምልከት ጀመረ።

ኣብ ቅድሚኡ ኣሽሓት ድርሁ ዝቕመጥኦ ዓበይቲ መረባብዕ ተር ኢሎም፣ ኣብ ቅድሚኦም ከኣ ብናይ ሓጺን መንፈት ዝተኸተረ ቀጽሪ ነበረ። ብዝተረፈ ግን እቲ ቀጽሪ ኩሉ ብኣግራብን ዕምበባታትን ዝተጐልበበ እዩ። ሓደ ብህድኣት ዝስጉም ጎብየ፡ በብጉጅለኦን ተኣኪበን ጉጅም ዝብላ ዝመስላ ካብ በረድ ዝጽዕድዋ ማናቲለ፡ ብጭራኡ ጽንጽያ እናኣባረረ ካብ ንእሽቶ ጋብላ ማይ ዝሰቲ ፈረስ፡ ኣብ ስፍሓት ጠመትኡ ኣትዮም መሰጥዎ።

እቲ ቄጻሪ ሓንቲ ጸባ ዝሓዘት ድስቲ፡ ሕምባሻ፡ ክልተ ኩባያን ሒዙ ተመልሰ።

“ኣብዚ ደምበ ምስ ተፈጥሮ ምውዓል ግን ብዙሕ እተረብሕሉ ነገር ሂብኩም ኣሎ። እንተ ዘይኮነ ግን ህይወት ናይ ወዲ ሰብ ኣብዚ ምዕቡል ግዜ ኣሸጋሪ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ፡” በለ ሓድሽ።

እቲ ቄጻሪ ኣይመለሰን። ቀርሱ ኣብ ምስትምቓር ጥሒሉ ነበረ።

“ከተማ፡ ምዕባለ፡ ምቾት፡ ብልዒ ምብዛሕ፡ ሕንቃቐን ዘመናውነትን ንወዲ ሰብ ካብ ክንደይ ጽቡቕ ነገራት ይፈልይዎ ከም ዘለዉ ኣብ ከምዚ ዓይነት ናብ ተፈጥሮ ዝቐረበ ቦታ ምስ እትመጽእ እዩ ዝርድኣካ።”

“እዞም ዝዘርዘርካዮም ነገራት ግን ንሰብ እንታይ እዮም ኣምጺኦምሉ?” ሓተተ ቄጻሪ።

“እቲ ጽቡቕ ነገሮም ፍሉጥ ኮይኑ፡ ካልኦት ብዙሓት ጸገማት እውን የምጽኡ ኣለዉ። ህይወት ወዲ ሰብ ኣብ ብዙሕ መሰረታዊ ነገራት ዓቢ ሽግር እናገጠሞ ይመጽእ ኣሎ።”

“ሓንቲ እንቋቑሖ መዓልታ ሓልያ ተሓቝፋ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ እትጫጭሓሉ ግዜ እታ ሸል ወይ ከኣ ፋጋ ኣብ ምኽፋት እንተ ሓገዝካያ እንታይ ትኸውን?” ሕቶ ቀጸለ ቄጻሪ።

“ኤእ ከምኡ እንተ ጌርካ እታ ጫቑት ብህይወት ክትነብር ኣይትኽእልን እያ። ትሕግዛ ዘለኻ መሲልካ ትቐትላ ኢኻ ዘለኻ። ምስዚ ዘልዓልናዮ ግን ብኸመይ ኢኻ ከተተኣሳስሮ?”

“ጸገማትና ኣዝዮም ጠቐምቲ እዮም። ምኽንያቱ፡ ንዕኦም ንምፍታሕ እንገብሮ ነገር እዩ ንህይወትና ትርጉም ዝህበና። እቲ ዝኸፍአ ጸገም፡ እቲ ጸገም ናብ ፍታሕ ዘይኮነ፡ ናብ ካልእ ጸገም ክመርሓካ እንከሎ እዩ፡” መለሰ ቄጻሪ ቀርሱ ድሕሪ ምውዳእ።

“ይገርም እዩ፡” ሓድሽ ከም ፍሽኽ ድሕሪ ምባል፣ “ናይታ ደርሆ ጽቡቕ ነገሩ ግን ሓንሳብ ነታ ፋጋ ምስ ከፊተታ ካብኡ ንንዮ ዓለማ እያ እተስተማቕር።”

“መሲልካ እዩ ዓርከይ፡” እቲ ቄጻሪ ናይ ምግራም ፍሽኽታ እናተራእዮ፣ “እቲ እተሕልፎ እትፈልጦ ንሳ ጥራይ እያ። ንኣብነት ንስኻ ዘለኻዮ፡ ባዕልኻ ዝወሰንካዮን ባዕልኻ እትፈልጦን እዩ። ኣነ’ውን ከምኡ። ኩሉ ሰብ’ውን ከምኡ። ንነብስኻ ምስ ካልእ ምንጽጻር ግን ሓደ ካብ ዝዓበዩ ብድሆታት እዚ ዘመን ይኸውን ኣሎ።”

“እህ...፡” ሓድሽ እታ መልሲ ንሱ ክውሕጣ ዘለዎ ኮይና ተሰምዓቶ።

እቲ ቄጻሪ ድሕሪ ቀርሲ ናብ ዕዮኡ እንክምለስ ሓድሽ ኣብታ ቦታ ኮፍ ኢሉ ኣብ ዓሚቝ ሓሳብ ነበረ።

‘ንምዃኑ ኣነ ክሳብ ሕጂ እንታይ እየ ተማሂረ? እቲ ቀንዲ ሰብ ክምሃሮ ዘለዎ ነገር እንታይ እዩ? እዚ ዝኸዶ ዘሎ መንገዲ ግን ንሰብ ኣበይ እዩ ከብጽሖ?’ ዝብሉ ሕቶታት ምስቲ ናይታ ረፋድ ህዱእ ንፋስ ኣብ ሕልናኡ ተመላለሱ።



# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## መጽሓፍ ጀይምስ ክሊር

ኣመሪካዊ ጀይምስ ክሊር ብ22 ጥሪ 1986 ተወሊዱ። ኣብ ኦሃዮ ከኣ ዓብዩ። ክሊር ኣብ 2008 ኣብ ዩኒቨርሲቲ ደኒሰን ብኾምፒዩተር ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቑ። ጀይምስ ክሊር፡ ኣብ ዓውዲታት፡ ስነ-ህንጻ፡ ስነ-ህይወት፡ ቀጠባ፡ ታሪኽ፡ ሕሳብ፡ ፊዚክስን ፍልስፍናን ዝያዳ ኣፍልጦ ክህልዎ ከም ዝጽዕር እዩ ዝገልጽ። ዝበለጹ ሓሳባት ረኺቡ ብዘቐለለ ብዝግባራዊ መገዲ ንኻልኦት ምርዳእ ቀንዲ ስርሑ እዩ።

ጀይምስ ክሊር ብሉጽ ተጻዋታይ ኳኹ ክፅግዘበረ እዩ ዝዘረበሉ። ኣብ ግዜ ቀልዕነቱ ኳኹ እናተጻወተ እንከሎ ከቢድ ሓደጋ ኣጋጢሙዎ እዩ። ዝረጋጠሞ ሓደጋ በዩሁ ንኻልኦት ተመኩሮኡ ኣብ ህይወት ኣብ ምክፋልን ኣገደስቲ ጽሑፋት ኣብ ምብርካትን ደርኪቡ። ጀይምስ ክሊር፡ ኣብ ምዕባለን ኽኣንን ሂወትና ኣገደስቲ ልምድታትን ወሳኒታትን ኣተኩሩ ይጽሕፍን ኣስተምህሮ የካይድን። ስርሓቱ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ መድያታት እዩም ዝዘርግሐ። ክሊር ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሚልዮናት ሰዓብቲ ከም ዘለውዎ እዩ ዝንገረሉ። ክሊር፡ ዝያዳ ቡታ ኣቶማዊ ልምድታት (Atomic Habits) እትብል መጽሓፉ'ዩ ዝፍለጥ። ኣቶማዊ ልምድታት (ንኣሽቱ ልምድታት)፡ ቀዳማይ ሕታም ኣብ 2018 ካብ ትሕተም ኣትሒዛ ኣሰታት 20 ሚልዮን ቅዳሓት ተሸይጡ ናብ ልዕሊ 60 ቋንቋታት ድማ ተተርጒማ ትርከብ።




ክሊር፡ ኑቲ ውልቀሰባትን ትካላትን ኣብ ህይወቶምን ስራሖምን ዝሓሸ ልምድታት ክህንጹ ዝደልዩምን ብቐጻምነት ዝጠልቡምን ኣርእስቲ'ዩ ዘሰልጥን።

መጽሓፍ ኣቶማዊ ልምድታት ኑቶም ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኳይዶም ልምድታትን ጽልዋኦምን እያ ትገልጽ። ኣብ ህይወት ነኣሽቱ ለውጥታት ኣገዳስነት ዘለዎም ስለ ዘይመስሉና፡ ሸለል ኢና ንብሎም። ንኣሽቱ ለውጥታት ኳይድ'ሞ ወጽኢቶም ቀልጢፉ ስለዘይግዘድ፡ ናብ ናይ ቀደም ልምድታት ከም ንምለስ ድማ ትገልጽ።

ሕማቕ ልምድታት'ውን ጽልዋኦም ኣብ ሓጺር ግዜ ከም'ቲ ዝድለ ስለ ዘይንጽበረቑ፡ ዕሽሽ ንብሎም፣ ምስ ግዜ እናተደራረቡ ምስ ከዱ ከኣ፡ ንኣሽቱ ዝመስሉ ዝነበሩ ጌጋታት ተደሚሮም ናብ ጸገም ከምዝውድቑና'ዮ፡ መጽሓፍ ኣቶማዊ ልምድታት ተብርህ። ብኣንጻር ናይ'ዚ ልምዲ እዚ ድማ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኳይዶ ንኣሽቶ ለውጢ፡ ናብ ዝበለጸ ቦታ ክብጽሓና ይኽእል እዩ።

ናይ ሓንቲ ሚእታዊት ለውጢ ወይ ናይ ሓንቲ ሚእታዊት ድሕሪት ኣብ ሓደ ህሞት ትርጉም ዘይብሉ ክመስል ይኽእል ይኸውን። እቲ መዓልታዊ ኳይዶ ቅሉዕ ወይ ጌጋ ምርጫታት ምስ ተደመረ ግን፡ ኑቲ ኣብ መንነ መን ምዃንካን መን ክትከውን ትኽእልን ዘሎ ፍልልይ ከጽር ዝኽእል እዩ። ዓወት ናይ መዓልታዊ ልምድታት ወጽኢት ደኣ'ምበር ኣብ ህይወትካ ብሓንሳእ ዝፍጠር ለውጢ ከምዘይኩነ እዩ ክሊር ዝገልጽ። ውድቀት'ውን ብተመሳሳሊ።

ኑበሰ ገምጋም ኣብ እተካይደሉ ግዜ፡ ማዕረ ክንደይ ዕዉት ወይ ዘይዕዉት ኣለኻ ዘይኮነ፡ ልምድታትካ ኣብ መገዲ ዓወት ኣቐሚጦምኻ ኣለዉ'ዶ የለዉን'ዩ ዝያዳ ዘገድስ።

ኣብ እዋናዊ ወጽኢትካ ዘይኮነ ኣብ እዋናዊ መገድኻ ክትግደስ ኣለካ። ንኣብነት፡ ልዑል ኣታዊታት ምስ ዝህልወካ፡ ካብ'ቲ ተእትዎ ንላዕሊ ወጻኢታትካ እንተደኣ በዚሑ፡ ናብ ጎደና ጥፍኣት ኢኻ ትስጉም ዘለኻ። ናይ ምሕሻሽ ልምድኻ እንተ ዘይኣመሓየሽካዮ፡ መጻኢኻ ኣይክጽብቐን እዩ። ከምኡ ድማ ውሑድ ኣታዊታት እንከለካ ግን ከኣ ወርሓዊ በብቑሩብ እናቘጠብካ ትግዓዝ እንተ ኮይንካ፡ ኣብ ጽቡቕ ጎደና ኢኻ ዘለኻ። ወጻኢታትካ መዐቀኒ ልምድታትካ እዮም። እቲ ብቐጻሊ ትደግሞ ኢኻ ትዓጽዶ። ንኣሽቱ ዝመስሉ ልምድታት እዮም ኣብ መጻኢ ወሳኒ ተራ ዝጻወቱ። ሓንቲ በረድ ካብ ፍርጅ ምስ ኣውጻእናያ፡ በብቑሩብ እንታይ ዓይነት ለውጢ ከም እተካይድ እንተ ተዓዚብናያ፡ በብንእሽቶ ለውጥታት እናኣካየደት እያ ኣብ ዜሮ ዲግሪ ሰንቲግሬድ ምስ በጽሐት ክትመኻኸ ትጅምር።

ልምድታት፡ ክሳዕ ገለ ኣጋዳሲ መድረኽ ትሰግር፡ ዘኹኑ ጽልዋ ዘምጽኡ ኣይመስሉን እዮም። ዝጠዝሉ ሓያላት ወጽኢታት ደንጉዮም እዮም ዝፍጠሩ። ነቲ ልምድታት ንምህናጽ ዘኹበየሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እዚ'ዩ። ቀልጢፍካ ኣቶም ዝጀመርካዮም ልምድታት ተቋርጾም ወይ ተሰፉ ትቐርጽ። ደቂ-ሰብ ንኣሽቱ ለውጥታት የካይዱ'ሞ፡ ሓደ ጭብጥ ወጽኢት ምስ ሰኣኑ፡ ኑቲ ዝነበሩዎ ዝነበሩ ንጥፈት ከቋርጽዎ ይውሰኑ ዝብል ሓሳብ ኣብ መጽሓፍ ኣቶማዊ ልምድታት ሰፊሮም ንረኽቦም። እዛ መጽሓፍ ብምንባብ ከመይ ጌርካ ጽቡቕ ልምድታት ትጅምር፡ ከምኡ'ውን ትቕጽሎ፣ ብኸመይ ብሉጽ ምርጫታት ተካይድን ካብ ሕማቕ ምርጫታት ትርሕቐን፡ ብኸመይ ብዝውሓደ ግዜ ዝያዳ ዕማም ክትዓምም ትኽእል፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ብኸመይ ነዞም ሓሳባት ኣብ መዓልታዊ ህይወት ኣብ ግብሪ ተውዕሎም ክሊር ብዕቱብ ኣብ መጽሓፉ ኣስፊሩዎም ደርኪቡ።

## ተራ ናይ ጥዑይ ኣስናን ነስተውዕሎዶ?

ፍሸኽታ ምልክት ሓጎስ እዩ። ስሓቕ ድማ፡ ንቑጠዐናን ጭንቀትናን ዘበንን መድሃኒት እዩ። ምስ ሰባት ተራኺብና ኣብ ንስሕቀሉን ፍሸኽ ኣብ ንብለሉን፡ ጽባቐ ኣስናን ናይ ገዛእ ርእሱ መሳጢ ነገር ኣለዎ። ጥዑይ ኣስናን ምውናን ዓቢ 'ርእሱማል' እዩ። ጥዑይ ኣስናን ብዘይካ ኣብ ምሕያኽ መግቢ ብጽሑር ምዝራብን ኣብ ሓፈሻዊ ጽባቐ ፍሸኽታ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ ተኣማንነት'ውን ዓቢ ግደ ከም ዝጻወት ክኢላታት ይገልጹ። ብዛዕባ ምጽራይን ሰሩዕ መርመራ ስኒ ምክያድን፡ ጥዑና ስኒ ኣብ ምሕላው መሪሕ ተራ ይጻወት። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ትውንኖ ብዝሒ ኣስናን ኣብ ዕድመ ጽልዋ ኣለዎ። ደቂ 70 ዓመት ዝዕድመኦም 20 ኣስናን ወይ ልዕሊኡ ዘለዎም ሰባት፡ ካብቶም ትሕቲ 20 ኣስናን ዘውንኑ ንላዕሊ ናይ ምንባር ዕድመኦም ከምዝነውሕ መጽናዕትታት የረድኡ።

ድሕሪ መግቢ ምብላዕና ኣፍና ብዛዕባ እንተደኣ ዘይጸረዩ ንመራብሒ ባክተርያ ምቹእ ይኸውን'ሞ፡ እቶም ዝተራብሑ ባክተርያ ከኣ ኑቲ ኣብ ኣፍና ዝተረፈ ሽኮራዊ ነገር ናብ ኣሲድ ይልውጥዎ። እቲ ዝፍጠር ኣሲድ ብሳምና ስኒ (tooth paste) ክሳብ እንተ ዘይክኣሉ ድማ፡ ንሽፋን ኣስናንና (ኤናመል) ብቐሊሉ ከሰንዎ ይኽእል። ምእንቲ'ዚ እዩ እምበኣር ከም ኮልጌት ዝኣመሰሉ መጽረዪ ኣስናን ናብ ጨው ክቐየሩ ዝኽእሉ ባእታታት ኩይናም ዝሰርሑ። ጨዋም ኣከባቢ ከኣ ንመራብሒ ባክተርያ ይኹን ካልኦት ጀርምታት ምቹእ ስለዘይኮነ፡ ንጽህና ኣስናንና ኣብ ምሕላው ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ።

'ሳምና ስኒ'፡ ንኣሲድ ናብ ጨው ክቕይር ዝኽእል ባእታ ብምህላው፡ ጥዕና ኣስናንና ንምሕላው ብቐጻሊ ክንዘውትሮ ይግባእ። ገለ ሰባት ኣስናኖም ክይመውጽዎ ወይ ብሳምና ስኒ ከየጽረይዎ ንደገ ምስ ዝወጹ'ሞ ኣፎም ከየሽትት ምስ ዝፈርሑ፡ ማስቲካ ይጥቀሙ'ዮም። እቲ ዝወስድዎ ማስቲካ ሽኮራዊ ብምዃኑ ከኣ ባክተርያ ናይ ምፍጣርን ብሓገዝ ዝተፈጥሩ ባክተርያ ናብ ኣሲድ ናይ ምቕያርን ዘሎ ተኽእሎ ይዛይድ። ምእንቲ'ዚ፡ ኣስናንና ከየጽረና ምስ ንወጽእ ኣፍና ከይጨኑ ብማለት ሽኮራዊ ነገር ክንወስድ ኣይግባእን። እንተ ውሓደ፡ መወጽ ስኒ ወይ ስቴክኒ ንጠቐም።



ንጽህና ኣፍናን ኣስናንናን ንምሕላው፡ ከም ኮልጌት ዝኣመሰሉ ሳምና ስኒ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ንኣስናንና ጥራይ ዘይኮነ ኑቲ ብዙሕ ርሱሓት እትሕዝ መልሓስና'ውን ወትሩ ብብረሽ ገይርና ከጽርያ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ መልሓስና ብዛዕባ ክትጽሪ እንተ ዘይክኢላ ንጽህና ኣፍና ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።

## ምንጽብራቕ ሓቀኛ መንነትካ

ሓደ ካብ'ቲ ንደቂሰብ ናብ ውድቀት ዝመርሖም፡ ንህይወት ብሕሉፍ ተመኩሮታት ጥራይ ክትርእ'ያ ምፍታን'ዩ። ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ፡ ንመጻኢ ዕድላትና ማዕረ'ቲ ዝሓለፈ ጥራይ ገይርና ከም እንጥምቶ'ዩ ዝገብር። 'ኣነ ወጽኢት ሕሉፈይ እየ' ኢልካ ንዕብሰኻ ምስ እትግምግሞ፡ ኑቲ ኣብ መጻኢ እትገናጸፎ ዕብየት፡ ድኑትነት ከም ምቕማጥ'ዩ። ስለዚ፡ ንሕሉፍ ከም መማሃሪ እናወሰድካ፡ ኣብ መጻኢ ካብኡ ዝሓለፍካዮ ናብ ዝበለጸ እናቋመትካ ምኻድ ተመራጺ'ዩ።

ንስኻ እቲ ዝበርኾዮ ኢኻ፣ እቲ ዘኹንኾዮ ኢኻ፣ እቲ ብሕጂ እትኾኖ'ውን ኢኻ፣ ዘይንስኻ ብምምሳል እትኸስቦ ነገር፡ ኣመና ውሑድን ቀጻልነት ዘይብሉን እዩ። መንነትካ ዘየኸርዓካ እንተ ኮይኑ፡ ንኽትመሓየሽ ክትጽዕር ኣለካ፣ ዋላ በቲ እተካይዶ ንእሽቶ ለውጢ ብመንነትካ ክትተርፅን ክትተባበዕን ይግባእ። ስለዚ መንነትካ ንምሽፋን እትገብሮ መጠኑ ዝሓለፈ ጉርሒ፡ ናብ ዘብጽሓካ የብሉን። ኣምስሉ ኣቀራርባኻ ንግዜኡ ዘዐውተካ ክመስለካ ይኽእል'ዩ። ምስ ግዜ ግና እቲ ሓቀኛ መንነትካ ምፍላጡ ኣይተርፍን። እቶም ብኣኻ ዝተመሰጡን ዝተሳሕቡን ከሎም ክርሕቁኻ ምኳኖም ዘይምዝነጋዕ። ሰባት፡ ሓቀኛ መንነትካ ኣብ ዝፈልጡሉ እዋን፡ ብመንነትካ ዘይተኣ በቲ ንመንነትካ ክትሓብእ ዝሸኸኻዮ ከንቱ ፈተካ እዩም ክኽዕቡኻ። ኣብ ዙርያኻ ንዘለዉ ክትምስጥ ዝተዛረብካዮ፡ ዘዕለልካዮ ኩሉ ባዶሽ ምንባሩ'ውን ሽዑ እዩ ዝዝዶ።



ፍልጠት ወይ ሓብሬታ፡ ዘረጥኻ ሚዛን ንኽህሉዎ ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ። ብምንባብ፡ ብምዕዛብ፡ ብትምህርቲ ከኣ ክተዕብዮ ይከኣል። ሓብሬታ ከም ዘይብልካ ብኣዘራርባኻ ክትፍለጥ ትኽእል ኢኻ። ሓብሬታ ዘይብሉ ሰብ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓሳባት ኣብ ሰባት ኣተኩሩ ክዛረብ ግድነት እዩ። ፍልጠት ዘይብሉ፡ ንዓዕ ኣዕላላይ ኣይኮነን።

ንኡበሽካ ምስ መሰልካን ንሓቀኛ መንነትካ ዝገልጽ ሓሳባት ምስ ወሃብካ፡ ሽዑ ሰባት ከኽብሩኻ እዮም። ንኡበሽካ እንተደኣ መሰልካ ከኣ ኣብ ዝኸዳ ከም ትዕውት ዘጠራጥር ኣይኮነን። ሰባት ንገዛእ ርእሶም እንተ መሰሎም ጥራይ'ዮም ክብሪ ዝረኽቡ።

### ጥቕስታት መዛነዪ

- “ሓደ ሰብ ንኽኩብር ዘድልዮ ነገራት ምስ ረኸበ ዝተርፎ እንተሎ ምዝናይ እዩ።” - ኒል ስቲቨንሰን
- “ኣብ ዘመን ሓብሬታ ኣይኮንናን ዘለና፡ ኣብ ዘመን ምዝንጋዕ ኢና ዘለና።” - ቶኒ ሮቢንስ
- “ምዝንጋዕ ንፍርሒ የቃልሎ እዩ።” - ዲን ካቫናግ
- “ምዝንጋዕን ሰሩጥዑበን ተፈላልዮም ኣይፈልጡን እዮም።” - ማርቲን ኪፐንበርገር
- “ኣብ ህይወት እቲ ዝበለጸ ግብረ-መልሲ ሓጎስ እዩ።” - ዲፓክ ቾፕራ
- “ኣብ ህይወት ዓሰርተ ሚእታዊት እቲ ዘጋጥመካ ነገራት ክኸውን እንከሎ፡ ተሰዓ ሚእታዊት ድማ እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ትህበሉ እዩ።” - ቻርለስ ስዊንዶል
- “ሓቀኛ ናይ ባህሪ ለውጢ ምክያድ ናይ መንነት ለውጢ'ዩ።” - ጀይምስ ክሊር

# ዛዕባ ሎሚ

## ሃንቀሃንቃ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ 'ኣለጎሪ'



(3ይ ክፋል)
ሱልጣን መሓመድሰዒድ

### ውሳነ ፈደረሽን ማሰርሕ ቅድመ-ምሕዋስ ኤርትራ

ረብሓ ኢትዮጵያን ኣመሪካን ከበልግል ተባሂሉ ብሕቡራት ሃገራት ዝተዋሃበ ውሳነ ፈደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብቐንዱ ኣብ ናይ ልዕልና ጽውጽዋይ ኢትዮጵያውነት ዝሰረተ እዩ። ኣቐዲሙ ብበዙሓት ምሁራት ተቐባልነት ረኺቡ፣ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብዝለዓለ መልክዑ ተጋዊሑ'ዩ። ከም ወጽኢቱ ክልቲኣን ናይ ልዕለ ሓያላን ደምቢታት፣ ስትራተጂያዊ ረብሓታተን ንምዕቃብ ንኢትዮጵያን ኤርትራን ማእከል ኣብ ዝገበረ ውሳኔታት ተሓለቕቲ ኢትዮጵያ ከምዝኾና ገይሩ። ከምኡ'ውን ካልኦት መንግስታት ኣፍሪቃ፣ በቲ ዝተሃንጸ ትረኻታት መሰረት ንጸጋት ኤርትራ ዝተበጸሰ ሃገራዊ ሰውራ ርእሱ ውሳነ ከም ናይ ምግንጻል ቃልሲ ኽውሰድ ተሰሪሑሉ።

በዚ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዋላ'ውን ብኣፍሪቃውያን ከም ዝጸየንን ዝተሓላለኸ ምስሊ ከም ዝሀልዎን ተገይሩ። ምኽንያቱ እቲ ቓልሲ ኣንጻር እታ 'ምልክት ጥንታውነት፡ ስልጣን ሓርነትን ኣፍሪቃ' ዝተሰመየት ኢትዮጵያ ስለ ዝተባህለ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ብዘይካ'ቲ ዝተማሰረተ ምሁራዊ ትውፊት መጸናዕትታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ምስሊ ሓደኻት ዓባይ ኢትዮጵያ ርእይ ስምዒታዊ ወፍሪን ደገፍን ከም ዝተጉዓዘ ጆን ሶሬንሰን ኣብቲ 'ብዛዕባ ኢትዮጵያ እንክሕሰብ' (imagining Ethiopia) ዘርእስቱ መጽሓፉ ይገልጽ።

እዚ ብምሉእ ደገፍን ምወላን መንግስቲ ኣመሪካ፡ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተሰገደ ውሳነ ፈደረሽን፡ እቲ ባይቶ ነቲ ውሳነ ክወስድ ዝቐሰቦ ነጥብታት እኳ እንተዘርዘረ፡ እቲ ሓቂ ግን በቲ ኣቐዲሙ ኣብ መዝኑብ ዝለዓለ ምስጢራዊ ሰነዳት ዝበረ ምስ ግዜ ግን ብስቴይት ዲፓርትመንት ቤት ጽሕፈት ተመሪመቲ ታሪኽ ዝተዘርግሐ 'መጻኢ ዕጫ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ንንኡብ ዝጦቀዐ ሰነድ፡ ውሳነ ፈደረሽን ብቐንዱ ናይ ኣመሪካን ኢትዮጵያን ናይ ሓባር ዕላማታት ንምዕዋትን ምትሕብባርን ኣመሪካን ኢትዮጵያን ንምስፋሕን ተባሂሉ ከም ዝጸደቐ የረጋግጽ። ብሕጻር ዝበለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ውሳነ ፈደረሽን ክወስድ ዝደረኾ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ጭብጥ ታሪኽ ዘይኮነስ ኣብ ጂኦፖለቲካ ዝሕል ኩናት ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ። እዚ ማለት ስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣመሪካን ዓባይ ብሪጣንያን ንምድንፋዕን ጸልዋ ሶቭየት ንምድራትን ንኢትዮጵያ ('እታ ስትራተጂያዊት መሓዛ') ምድጋፍ፡ ካብ ሕጋዊ መሰልን ባህግን ኤርትራ ንላዕሊ ቀዳምነት ምሃብ እዩ ተመሪጹ (Political Compromise)።

ብተወሳኺ፡ ሃጺይ ሃይለስላሰ ወደባት ኤርትራ፡ ንቁጠባዊ ቀጻልነት ኢትዮጵያ ልዑል ኣገዳስነት ዘለወን እቲ ናይ ድሌያ መግቶ ድማ ብሕጊን ታሪኽን ዝተደገፈ ምኽንያቱን ንምእማንን ንኤርትራ ንምውናንን ኣብ ዲፕሎማስያዊ ግንባር ኣበርቲዑ ይሰርሕ ነበረ። እዚ ግኑይ ትረኻ ብናይ ምዕራብ ሓይልታት ኣሻዕ ተጋውሐ። እቲ ቀንደን ወሳንን ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ፍሉይ መግዛእታዊ ታሪኽ ኤርትራ (ልዕሊ 50 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ኢጣልያ) ከምኡ'ውን ኤርትራዊ ሃገራውነት ጠቕለሉ ግምት ዘይምሃቡ እዩ። ብሓፈሻ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝፈጸሞ ዝዓበየ ሕጋዊ ስሕተት፡ ምግቶ ኢትዮጵያ ሰር ዝሰደደ ናይ ምስፍሕፋሕ ህርፋን እምበር ሕጋዊ ይኹን ታሪኻዊ መሰረት ከም ዘይብሉ ኣዐርዩ እናፈለጠ ንውሳነ ፈደረሽን ምሕላፉ እዩ። ማዕረ ማዕረ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካልእ እኳይ ውዲት'ውን ተወጢኑሉ ነበረ። ውጥን በቢን ሰፍርዝ ዝተሰምየ ምምቅቓል ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን።

እንተኾነ ኢትዮጵያ ኣንጻር ኩሉ ሕግታት ነቲ ፈደረሽን በዘቑሩብ ብምፍራሳን ሕቡራት ሃገራት ድማ ነቲ ጉዳይ ብዋዘእ ክሕዞ ብዘይምኽኣሉን ኤርትራዊ ተቓውሞታት ክሰምዕ ብዘይምድላዩ፡ ነቲ ዝበረ ተቓውሞ ኤርትራውያን ኑዳዲ ከየወለ። ዝ. ንምድራት ድማ እቲ ሃጺይ ብኣሰካሕካሒ መገዲ ክጭፍልቖ ኣረሜናዊ ስጉምቲታት ክወስድ ጀመረ። ኣብ መውዳእታ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ነቲ ኣረሜናዊ ዓፈና ብሰላማዊ ተቓውሞ ምብዳህ ማለት ከንቱ ፈተነ ምኻኑ ዚያዳ ካልእ እዋን ኣይረሰዮም። ከም ወጽኢቱ ቅድሚ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብ14 ሕዳር 1962 ብወግዒ ምሕዋሳ፡ ብ1 መስከረም 1961 ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምሩ ምኽንያት ኮናም። ዘይፍትሓዊ ውሳነ ፈደረሽን፡ ድሒሩ ኣብ እዋን ሰውራ ዝተጻወቶ ኣሉታዊ ተራ'ውን ጠንቂ ብርስት ህይወትን ሃብትን ክልቲኣን ሃገራት ኮይኑ'ዩ።

ኣብዚ ክይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፡ ኣብሲንያ መጸውዒ ናይ ጥርናፈ ዝተፈላለዩ ኣህዛብ፡ ከም ናይ ሸዋ፡ ጎንደር፡ ወሎን ትግራይን፡ ብዘየዝሕኡ ሓይሊ ዝረኸቡ ዓቀይቶት ኩናት ናይ ሓደ ከቢ ዝዋሰላ ግዝኣት እያ። ስለዝኾነ ኣብ ኣብሲንያ ሓያሎ ተወዳደርቲ ንግስታት ክትንስኣን ክወድቃን ተራእየን እየን። ካብ 8ይ ክፍለ ዘመን ኣትሒዙም ዝነ ንግስታት ኣብ በጠይቱ እዋን ካብ ዝመርሑ መራሕቲ ኣብሲንያ ንኖማዊም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ በጺሖ ወይ ረጊጹ ዝፈልጥ የብሎምን።

ኣብ 1910፡ ምኒልክ ወራር ኣካይዱ ሰፊሕ ከባቢታት ምስ ተቘጻጸረ፡ ኣብሲንያ (ናይ ሎም ኢትዮጵያ) ዝ. ናይ ሎሚ ጂኦፖለቲካዊ ቅርጻን ኣህጉራዊ ዶብታን ክትሕዝ ክኢላ። ኤርትራ ድሮ ኣብ 1890፡ ማለት 20 ዓመታት ቅድሚ ኣብሲንያ፡ ዝተደኮት ሃገር እያ ነይራ። ልክዕ ድሕሪ 10 ዓመት ናይ ምኒልክ ወራር፡ ሊግ ኦፍ ኔሽንስ ኣብ 1920 ምስ ተመስረተ ብ28 መስከረም ቀዳመይቲ ኣባል ዝኾነት ኣፍሪቃዊት ግዝኣት "ኣብሲንያ" ኮይኑ። እዛ ሎሚ "ኢትዮጵያ" ትብሃል ዘላ ሃገር ግን ኣይነበረትን። ድሒሩ ኣብ ዝነበረ ግዜያት ከኣ ስም እታ ሃገር ናብ ኢትዮጵያ ተቐየረ። ሃጺይ ሃይለስላሰ ዘውዲ ደፊኡ ቅዋም ኣብ ዝሰደፈሉ ግዜ እዩ ወግዓዊ ስም እታ ሃገር ኢትዮጵያ ዝኾነ። ኣብ ግዜ ምፍራስ ሊግ ኦፍ ኔሽንስን ምቛም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ እቲ ስም ግዝን ዚያዳ ወግዓውነት ለቢሱ።

ናብ ውሳነ ፈደረሽን ምስ እንምለስ እቲ ብስም ውሕሃ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንምቕራን ዝተወሰደ ውሳኔ፡ ኤርትራ ቅድሚኡ ዝተፈለየት ፖለቲካዊት ኣካል (ኣሃዱ) ምኻና ኣፍልጦ ዝሃበ ውሳነ እዩ። እቲ ንሰኪድ ፈደራላዊ ኣገባብ ምሕደራ ዘተግብር ኣካል፡ ፍልልይ ክልቲኡ ሕብረተሰብ ኣወጊዱ ሓደ ክገብር ዝዓለመ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ክልቲኡ ህዝቢ ብማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ኣቃውማ ሓደ ክኸውን ከም ዘይክእል ምስ ተገንዘበ ማለት ከምቲ ዝተወጠነ ብስኑልቦና ደረጃ ኤርትራ ብኢትዮጵያ ክትውሓጥ ከም ዘይትኽእል ዚያዳ ምስ ተነጸረ፡ እቲ ሃጺይ ብምዕራባውያን ኣማኸርቱ ተደጊፉ ነቲ ፈደራላዊ ምሕደራ ንቻርተር ውሕሃን ኣህጉራዊ ሕግን ብጋህዲ ብምጥሓሱ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሉእ መግዛእቲ ኣእተዋ።


ናብዚ ንምብጻሕ ኣቐዲሙ፡ ነቲ ውሳነ ፈደረሽን ዘቕውም ኣዕኑድን ዝርዝራዊ ኣገባባቱን ንጹርነት ዝጎደሎ (Ambiguity in Autonomy) ኮይኑ ከም ዝቐየስ እዩ ተገይሩ። እዚ ድማ ነቲ ቀጺሉ ዝስዕብ መድረኽ ኅቦጣ ኩሳሲ ዕላማ ብምግባር እዩ ነይሩ። ከም ወጽኢቱ ኢትዮጵያ ነቲ ናይ ኤርትራ ስልጣን ርእሰ-ምሕደራ ቀስ ብቐስ ክትሸርሽሮ ምሉእ ዕድል ከፊቱላ። ብሕጋዊ መገዲ እንክርኣዩ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ውሳነ ፈደረሽን ቅድሚ ምብጽሑ፡ ንኤርትራውያን ናጽነት ናይ ምምራጽ መሰሎም ረጊጹ እዩ ነቲ ውሳነ ኣጽዲቕዎ። ምኽንያቱ ንፈደረሽን ከም ማሰርሕ ቅድመ-ምሕዋስ ምስ ኢትዮጵያ እዩ ተጠቒምሉ። እዚ ድማ ብቐንቋ እቲ ኣህጉራዊ ትካል ጥሕሰት መሰል-ርእሰ ውሳነ (Violation of Self-Determination) እዩ።

ቅድሚ 66 ዓመት ናይዚ ፍጻመ'ዚ፡ ሃጺይ ምኒሊክ ካብ 1886 ክሳዕ 1889 ምስ መንግስቲ ኢጣልያ ተኸታታሊ ውዕላት ከቲሙ ምንባሩ ይዝከር። እዚ ድማ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ምንባራ ጥራይ ዘይኮነስ ዝተፈለየት ፖለቲካዊት ኣሃዱ ምኻና ኣፍልጦ ዝሃበ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ስለዚ ልሂቃን ኢትዮጵያ ቅድምን ልዕልን ኩሉ፡ ብዛዕባ ተግባራት እዞም ክልተ ሃጸያት ምውግዖም፡ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ንኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ እተፈልየት ፖለቲካዊት ኣካል ከም ዝኾነት ፈሊጦም ዝገበርዎ ስምምዓት ምኻኑ ክርድእዎ ከድሊ እዩ። እቶም ኣብ መንጎ ሃጺይ ምኒሊክ ናይ ኣብሲንያን መንግስቲ ኢጣልያን ዝተኸተሙ ውዕላት፡ ንመሬት ኤርትራ ናብቶም ግዝኣቲ ሓይልታት ዝሸይጥ ውዕላት ዘይኮኑ፡ ኣብ መንጎ እተን ክልተ ዝተፈላለያ ፖለቲካውያን ኣሃዱታት ንዝነበረ ዶባት ዘጽርር እዩ።

ልክዕ ከምቶም ኣብ ትሕቲ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ተቐሪናም ዝጸንሑ እሞ ናጽነት ዝረኸቡ ህዝብታት፡ ማለት ክረኽብ ዝግባእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኩሉ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ምስ ተጸንቀቐ ብረታዊ ቃልሲ ከቢዎስ እዩ ተገዲዱ። ኤርትራ ቅድሚ ምምጻእ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ'ውን ፍሉይ ፖለቲካዊ ቁመና ዝነበራ፡ ቀጺላ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝኣተወት፡ ናጽነት ረኺባ እናበለት'ውን ብፈደረሽን ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ከም እትቕረን ዝተገብረት ሃገር እያ።

እቲ ኤርትራውያን ዘበገስዎ ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ድማ ናይ ምግንጻል ቃልሲ ዘይኮነ ነቲ ስርዓት ዋሺንግቶን ኣብ 1952 ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ምሉእ ብምሉእ ብምምኻኽ ብመገዲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ንምቁጽጻር ዓሊሙ ብዘፈጸሞ ውዲት፡ ዝተኸልከሎም ናጽነት ንምጉንጻፍ እዩ። ስለዝኾነ እቲ ቃልሲ፡ ጸረ መግዛእቲ እዩ ዝነበረ፡ ምኽንያቱ ኤርትራውያን ነታ ወራሪት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ መሬቶም ንዝነበራ ጻንሒት ከም ሕጋዊ ኣፍልጦ ሂቦም ኣይፈልጡን እዮም። ከውንኡ'ውን ንምምላስ ድማ ነቲ ኣብ ታሪኽ ኣፍሪቃ ዝነውሐ ተባሂሉ ዝጥቀስ ናይ 30 ዓመት ኩናት ኣካይዶም፡ ከቢድ ዋጋ ብምኽፋል ድማ ናጽነት ተጎናጺፎም።

ይቕጽል . . .



390 (V). **Eritrea: Report of the United Nations Commission for Eritrea; Report of the Interim Committee of the General Assembly on the Report of the United Nations Commission for Eritrea**

A. *Recommends that:*

1. Eritrea shall constitute an autonomous unit federated with Ethiopia under the sovereignty of the Ethiopian Crown.

2. The Eritrean Government shall possess legislative, executive and judicial powers in the field of domestic affairs.

3. The jurisdiction of the Federal Government shall extend to the following matters: defence, foreign affairs, currency and finance, foreign and interstate commerce and external and interstate communications, including ports. The Federal Government shall have the power to

መእረምታ

- ኣብ 2ይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ፕረዚደንት ፍራንክሊን ሩዝቨልት ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ፕረዚደንት ተዎዶር ሩዝቨልት ተባሂሉ ክእረም ምስናይ ይቕሬታ ንሕትብር።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቁልሑታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ሉሉ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:40 | ዶክመንታሪ |
| 19:20 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ይቕጽል
### ደቡብ ናብ ዓወት ተመሊሳ ኣስመራ ቢራ መሪሕነታ ዓቂባ



ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ሰንበት 4 ግንቦት ብኣርባዕተ ጸወታታት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ቀጺሉ።

ፈለማ 8፡00 ቅ.ቀ ንዝሓለፈ ሰለስተ ግጥማታ ብምዕዋት መሪሕነት ምልእ ትሽዓተ ነጥቢ ዝኣከበት ኣስመራ ቢራ ኣንጻር ሓንሳብ ዓወት ዘመዝገበት ዓንሰባ ተጻዊታ። ዓንሰባ፡ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ካብ ቢንያም የናስ ብዘቖጸረታ ሸቶ መሪሕነት ሒዛ፡ ተጻዋታይ በራ ምስዮን ኣለም ግና፡ ተመዓራርየም ንዕረፍቲ ክወጹ ዘኽእሉዎም ሸቶ ኣመዝገበ።

ካልኣይ እብረ ኣቐዲማ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ ዘጠፍኣት ዓንሰባ ብመገዲ ፍትሒ ሓሰበላ ሸቶ ረኺባ፡ ደጊማ መሪሕነት ሒዛ፡ ድሕሪ 10 ደቓይቕ ግና፡ ካብ ወሰንቲ ተጻወቲት ኣስመራ በራ ዝኾነ ፋንኤል ኣስፋሃ ንጸወታ ማዕረ ዝገበረ ሸቶ ኣመዝገበ፡ ጸወታ ድማ 2ብ2 ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻዋታይ ክኡ የቢል ሚካኤል ተሰምዩ።

ሰዒብነ ኣልታሕረርን ናይ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጋንታ ኣፍዓበትን ተጻዊተን፡ ሓንሳብ ማዕረ ሓንቲ ስዕረት ብምምዝጋብ ሓደ ነጥቢ ጥራይ ኣኪባ ዝነበረት ኣልታሕረር፡ ዓብላሊት ነይራ። እዛ ጋንታ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ማሮን

ዓንደምን ኢብራሂም መሓመድን ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ፡ ደጊማ ካብ ኢብራሂም መሓመድ፡ ወደብ ፍሰሃ፡ መሓመድ ኣንዋርን

እፎይ ኣብርሃን ብዝረኸበተን ሸቶታት ብገፊሕ 6ብ0 ተዓዊታ። ኣባላ ቢንያም ጳውሎስ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

ግጥም ደንደንን ኣልሂላልን ሳልሳይቲ ተሰላሲሉ፡ እዛ ካብ ፈለማ ክሳብ ምዝዛም ብዘኾብ ዝተሰጸት ጸወታ'ውን ዓብላሊት ናብ ዞባ ማእከል ክለብ ደንደን ተራእዩ፡ ደንደን ካብ ሮሜል ዓብዱን ማሮን ኣለምን ሰለስተ፡ ካብ ሴም መድሕንን ዴቨን ግብጻዊን ሓሓንቲ ሸቶታት ብምቕጻር፡ 8ብ0 ተዓዊታ። ማሮን ኣለም ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ራብዐይቲን መዛዘሚትን ጸወታ ናይ'ቲ ዕለት፡ ክለብ ጋሽ ባርካ ምስ ክለብ ደቡብ ዘራኸበት ነይራ። ኣብዚ ጋሽ ባርካ ካብ ዝሓለፈ ጸወታኣ ዝሓሸ ብቕዓት ዘርኣየትሉ ጸወታ፡ ቀዲማ መሪሕነት ዝሓዘት ግና፡ ደቡብ ነይራ - ሳምሶን ገብረዋህድ ብዘመዝገቦ ሸቶ። ጋሽ ባርካ ድማ፡ ካብ ኣይመን ጣህር ሸቶ ብምርካብ ፍናን ረኺባ። እንተኾነ ጸወታ ክዛዘም ኣብ ዝቐራረበሉ ዝነበረ፡ ብኣሰልጣኒ ሰለሞን ኣሰፋው እትሰልጠን ደቡብ ካብ ሄኖክ ሃይለ ሸቶ ብምቑጻር 2ብ1 ተዓዊታ ዳግማይ ዓወት ኣስተማቒራ። ሄኖክ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ኣብ ሜዳ ንእሽተይ ቺቸሮ ካብ 8፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ብኣርባዕተ ጸወታታት ክቕጽል እዩ፡ ኣልታሕረር ኣንጻር ኣስመራ በራ፡ ዓንሰባ ኣንጻር ኣፍዓበት፡ ክለብ ደቡብ ኣንጻር ደንደን ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ክለብ ጋሽ ባርካ ክጻወታ እየን።

## ዞባ ማእከል - ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ተማሃሮ ተዛዚሙ

ንኣስታት ሸሞንተ ኣዋርሕ ክሳላሰል ዝጸንሐ ስፖርታዊ ውድድር ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ 'ደርማስ ብሉጽ መጻኢ' ብዝብል ቴማ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ተዛዚሙ።

ኣብዚ 12 ዓይነታት ስፖርት ዝተጠርነፈሉ ውድድር፡ ልዕሊ 14 ሽሕ ስፖርታውያን ተማሃሮ ተሳቲፎም።

ኣብቲ ዕለት ካብ ዝተኻየደ ውድድር ኣትሌቲክስ 200 ሜትሮ ማእከላይ ደረጃ፡ ሰሰን ሚካኤል ካብ ሓርበኛታት፡ ንጹርካቤል በዓ ካብ ጣና ከምኡ'ውን ሜላት መንግስትኣብ - ዳዕሮ ጳውሎስ ኣኸቲላ ተዓዊታ። ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት፡ ኤርምያስ ንጉሰ - ኣዱሊስ፡ ኣቤል ሰመረኣብ - ሰላዕ ዳዕሮ፡ ስቱኤል የውሃንስ - ሓድነት ተዓዊቶም።

ኣብዚ ናይ ማእከላይ ደረጃ ውድድር ኣትሌቲክስ፡ ንኣብ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ንኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ብደቂ ተባዕትዮ ጉብለል ኮይነን።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ 4ብ1000 ሜትሮ ምቅብባል በትሪ (ሪለይ) ደቂ ኣንስትዮ፡ ቤ/ት ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ጺዕዳ ክርስትያን፡ ባርካ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሓርነት፡ ኣስመራ ሓፈሻዊን ደንደንን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን።

ብዘይካዚ፡ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ካልኣይ ደረጃ፡ ኣብ መንጎ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕርን ሓላይን ተኻዪዱ። እዚ መሳጢ ዝነበረ ጸወታ፡ ሸቶ ስለዘይተመዝገቦ ግና፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሑ፡ ቀይሕ ባሕሪ ድማ 4ብ3 ተዓዊታ። ተጻዋታያ ኤቨን እስቲፋኖስ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ጸወታ ተባሂሉ።

ኣብዚ ውድድራት፡ ካብ ማእከላይ ደረጃ ን/ዞ/ደቡባዊ ምብራቕ ጉብለል ክትከውን እንከላ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤ/ት ባርካ ጉብለል ብምዃና፡ ዋንጫ፡ መዳልያ፡ ዕጥቅን ከዓላሱን ምሸላመን፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።



## ከረን - ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ቀጺሉ

ካልኣይ ዙርያ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ከረን፡ ሰንበት ክልተ ግጥማት ኣሰላሲሉ።

ቀዳመን ጋንታታት ምም/ከጠ. 01ን ምም/ከጠ. 03ን ተራኺበን፡ ምም/ከጠ. 03 ብመገዲ ደሊና ርእሶም ዝረኸበታ ሸቶ እያ ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ፡ ደሊና ርእሶም ንዕኣን ንጋንታኣን ካልኣይቲ፡ ርሻን ኣርኣያ ድማ፡ ሳልሳይቲ ሸቶ ወሲኸን 3ብ0 ተዓዊታ። ኣባላ ፍርዶስ ዑመር ድማ፡ ብልጽቲ ተጻወቲት ተሰምያ።

ጸወታ ምም/ከጠ. 06ን ምም/ከጠ. 04ን ሰዒብ ተኻይዱ፡ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ሜርሲ. ፍረዝጊ. ንጋንታኣ ምም/ከጠ. 04 መሪሕነት ዘተሓዘት ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ኣብ ወዲኡ ግዜ በኺታ ተወልደብርሃን ሸቶ ብምውሳኻ ከኣ ምም/ከጠ. 04 2ብ0 ተዓዊታ። ሜርሲ. ናይቲ ግጥም ዝበለጸት ተጻዋቲት ተጻዊዓ።

ብዘይካዚ፡ ብ13 ሚያዝያ ዝጀመረን ንኣርባዕተ ሰናብቲ ዝቐጸለን ግጥም ኩዕሶ መርበብ ዋንጫ ናጽነት ከተማ ከረን ሰንበት ቀጺሉ።

ኣብዚ ውድድር ትሽዓት ጋንታታት ናይ ደቂ ተባዕትዮን ሸሞንተ ጋንታታት ናይ ደቂ ኣንስትዮን ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ውድድር የሰላስላ ኣለዋ። ኣብቲ ዕለት ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ሳልምጣን ዛራን ዝገጠማ ኮይነን ሳልምጣ 3ብ1 ተዓዊታ። ካብ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ሳልምጣን መስሓሊት ግራስ ሩትን ኮይነን፡ ሳልምጣ ብዓብላሊ 3ብ0 ምስዓራ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረዲኡ።



ፍርዶስ ዑመር



ሜርሲ. ፍረዝጊ.

## ሓይልታት ምክልኻል፡ ጸወታ ኵዕሶ ሰኪዕት ጀሚሩ

ብምኽንያት መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ኩዕሶ ሰኪዕት ሓይልታት ምክልኻል፡ ናይ 3ብ3 ውድድር ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ መዓስከር ደንደን ሜዳ ቦውሊን ፈሊሙ።

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት ድማ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብደሆ ንሰንጥቕ 17ብ13፡ በሬር ንክንፈ 17ብ10፡ ዓምበርቡብ ንሳዋ 21ብ14፡ መኸተ ንብደሆ 16ብ12፡ ዓምበርቡብ ንሰንጥቕ 21ብ9፡ ክንፈ ንሓሬና 13ብ12 ሰዒረናኦን፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ሓሬና ንሰንጥቕ 11ብ1፡ ዓምበርቡብ ንብደሆ 12ብ6 ኣሰኒፈናኣን።

ብዘይካዚ፡ ውድድር ባድሚንተንን ቸዝን ሎሚ ሰሉስ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ክካየድ ምዃኑ፡ መቓሃን ሓበሬታን ኣስንሰን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓቢሩ።

## ኣርኖልድ፡ ካብ ሊቨርፑል ተፋንዩ

ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻላይ ሊቨርፑል - ትረንት ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ፡ ድሕሪ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ካብ ክለቡ ክወጽእ ምዃኑ ትማሊ ኣፍሊጡ።

ወዲ ሽዱሽተ ዓመት እንከሎ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ኣርኖልድ፡ "ድሕሪ 20 ዓመታት ኣብ ሊቨርፑል፡ ሕጂ ክወጽእ ምዃኑ ዝሕበረሉ ግዜ እዩ። ኣብ ሂወት ዝወሰድክዎ እቲ ዝኸበደ ውሳኔ እዩ" ክብል፡ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣፍሊጡ። ሊቨርፑል ድማ፡ ንዝገበሮ ኣበርክቶ ብምምስጋን ጽቡቕ ዕድል ተመንያትሉ።

እዚ ወዲ 26 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ሓደ ካብቶም ሰለስተ ጸለውቲ ተጻወትቲ ሊቨርፑል ውዕሉ ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ክረምቲ ዝውዳእ ነይሩ - ዝመጽእ 30 ሰነ ውዕሉ ስለዝዛዘም።

ተመሳሳሊ ውዕሎም ኣብታ ዕለት ዝውዳእ ዝነበረ ሞሓመድ ሳላሕን ቨርጂል ቫን ዳይክን ዝሓለፈ ሰሙን ተወሳኺ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ምፍራሞም ይዝከር።

ድሕሪዚ ኣርኖልድ ወጥዓዊ ዝገበሮ ናይ ምውጻእ መደቡ ዝተሳዕለ ሕቶ፡ 'ናበይ ክብል እዩ?' ዝብል እዩ። ካብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ ክትውንኖ ድሌት ከም ዝለዋ ዘርኣየት እስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ ድማ፡ ቀዳሚ. ጋንታኡ ክምእትኸውን ይሕበር።

ሊቨርፑል፡ ኣብ 2019-20 ከምኡ'ውን ንናይ ሎሚ ዓመተ-ስፖርት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ክተልዕል ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ - ኣርኖልድ። ብዘይካዚ፡ ኣብ 2018-19 ሻምፕዮንስ ሊግ ክትጭብጥ ኣበርክቶኡ ሰማይ ጠቀስ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ኤፍኤ ካፕ፡ ካርሊን ካፕን ዋንጫ ዕወታት ዕውትቲ ኤውሮጳን ዋንጫ ክለባት ዓለም'ውን ኣልዒሉ እዩ። እዚ ብሉጽ ናይ ክንፊ ተኸላኻሊ፡ ኣብ 2016 ፋልማይ ጸወታኡ ድሕሪ ምክያዱ፡ ዛጊት ኣብ 352 ግጥማት ተሰሊፉ፡ 23 ሸቶታትን 86 ናይ ሸቶ ቀረብን ኣበርኪቱሉ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ**

ኣልታሕረር - ኣስመራ በራ 8፡00 ቅ.ቀ

ዓንሰባ - ኣፍዓበት 10፡00 ቅ.ቀ

ክለብ ደቡብ - ደንደን 2፡00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ክለብ ጋሽ ባርካ 4፡00 ድ.ቀ

**ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ካልኣይ እግሪ ፍርቂ ፍጻመ**

ኢንተር ሚላን - ባርሴሎና 10፡00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ፒኤስጂ - ኣርሰናል 10፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን፡ ንኣመሪካን እስራኤልን ተጠንቀቕ

ሚኒስተር ምክልኻል ኢራን ዓዚዝ ናስርዛደህ፡ ኣመሪካ ወይ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሃገሩ መጥቃዕቲ እንተ ፈጺመን፡ ሃገሩ ብወገና ተረር መልሱ ግብሪ ከም እትህብ ኣጠንቂቑ።

ናስርዛደህ እዚ ዝገለጸ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ፡ ናይ የመን ሑቲ ብኢራን ይሕገዙ ከም ዘለዉ ብምኽሳሱ ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ከም ዝፍጽም ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

እንተ ኾነ እቲ ኢራናዊ ብዓል-ስልጣን ኣብ መግለጺኡ “ኣመሪካ ወይ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኢራን ኩናት እንተ ከፊተን፡ ኢራን ደማ ኣብዚ ከባቢ ንዘርከቡ ሓይልታተን ወተሃደራዊ መደበራተንን ከተጥቅዕ እያ” ክብል ምላሽ ሂቡሉ ኣሎ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዕጡቓት ሑቲ ብናተይም ደሊታት ጥራይ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት እስራኤልን ኣመሪካን የጥቅዑ ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ብኢራን ደገፍ ከም ዝግበረሉ ዝንገረሉ ሑቲ፡ ንተቓለስቲ ሓማስ ዘለዎ ደገፍ ንምግላጽ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ተደጋጋሚ ናይ ሚሳይላትን ድሮናትን መጥቃዕቲ የካይድ ከም ዘሎ ዝፍለጥ እዩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ እውን ሑቲ ብዝፍጽሞ ዘሎ መጥቃዕትታት ኢራን ተሓታቲት ምኳና ገሊጹ ምንባሩ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኢራን ዝሓለፈ ሰንበት፡ ‘ቃሰም ባሲር’ ዝተባህለ - ክሳብ 1200 ኪሎ ሜተር ክውንጨፍ ዝኽእል ሓድሽ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ከም ዘመረቐት፡ ማዕከናት ዜና ናይ’ታ ሃገር ኣፍሊጠን።



## ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ‘ኣልከትራዝ’ ዳግማይ ክኽፈት ኣዚዙ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ካብ 1963 ኣትሒዙ ተዓጽዩ ዝጸንሐ ኣብ ገምገም ባሕሪ ካሊፎርንያ (ኣብ ማእከል ባሕሪ) ዝርከብ ኣዝዩ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ‘ኣልከትራዝ’ ዳግማይ ክኽፈትን ክስፍሕን ከም ዝኣዘዘ ተሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ‘ትሩዝ’ ኣብ ዝበሃል ብእኡ ዝውነን ማሕበራዊ መራኸቢ ትማሊ ሰንበት ኣብ ዘርግሖ ጽሑፍ፡ “ኣመሪካ ንኣዝዩ ነዊሕ ዓመታት ብተደጋጋሚ ብዕሱባት፡ ዓመጽትን ገበኛታትን ተሳሲያ ጸኒሓ’ያ፡” ድሕሪ ምባል፡ ዳግማይ ምኽፋት ቤት ማእሰርቲ ኣልከትራዝ ግን ምልክት “ሕግን ግዝኣተ ፍትሕን” ከም ዝኾውን ገሊጹ።

እቲ ምሉእ ብምሉእ ብባሕሪ ዝተኸበበ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ ሳን ፍራንሲስኮ ዝርከብ ‘ጎልደን ጌት’ ዝበሃል ፍሉጥ ድልድል እዩ ተደኲኑ ዝርከብ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ እቲ ቤት ማእሰርቲ፡ ነቶም ኣብ ኣመሪካ “ኣዝዮም ጨካናትን ዓመጽትን ገበኛታት ቤቶም ክኾውን’ዩ” ክብል ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት፡ 200 ዝኾኑ ኣብ ገበን ተዋፊሮም ከም ዝጸንሑ ንዝገለጾም - ተወለድቲ ቬንዙዌላ ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ናብቲ ኣብ ኤል ሳልቫዶር ዝርከብ ዝዓበየ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝሰደዶም ይዝከር።

ቤት ማእሰርቲ ኣልካትራዝ፡ ቀደም ጽኑዕ ዕርዲ ሰራዊት ኣመሪካ’ዩ ነይሩ።

ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን ግን፡ ዳግማይ ተሓዲሱ ወተሃደራዊ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ከገልግል ከም ዝጀመረ ይዝንቶ።

ኣብ 1930ታት ክፍሊ ፍትሒ ኣመሪካ ምስ ተረከቦ ኸኣ፡ ኣዝዮም ዕሉላት ገበኛታት ናብ ዝእሰሩሉ ቤት ማእሰርቲ ተቐዪሩ።

መርበብ ሓበሬታ ኤፍ.ቢ.ኣይ፡ እቲ ቤት ማእሰርቲ ኣብ 1963 ክዕጾ ዝተገደደሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ንዕኡ መሐደሲ ዝኸውን እኹል ባጀት ብዘይምንባሩ ምኳኑ ይገልጽ።



## ሀንዲ፡ ክልተ ሓጽቢታት ክትጸርግ ጀሚራ

ሀንዲ ምስ ፓኪስታን ዝበራ ውዕል ማይ ድሕሪ ምድስካላ፡ ኣብቲ ንሳ እተመሓድሮ ዞባ ካሽሚር ዝርከቡ ክልተ ዓበይቲ ሓጽብታት ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሞም ንምዕባይ ደቢት ክትጸርግ ከም ዝጀመረት ተሓቢሩ።

ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣብ ዞባ ካሽሚር 26 በጻሕቲ ዝቐተለ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ሀንዲ ምስ ፓኪስታን ዝበራ ውዕል ማይ ብምድስካላ፡ ነቲ ን80 ሚእታዊት ሕርሻታት ፓኪስታን ኣገልግሎት ማይ ዝሀብ ዝበረ ሻምብቆታት ማይ ከም ዝቖረጸቶ ዝፍለጥ እዩ።

ሀንዲ፡ ብዛዕባ’ዚ ብ1987ን 2008ን ኣብ ዝሃነጸቶም ክልተ ሓጽብታት ንፈለማ ግዜ እተካይዶ ዘላ - ደቢት ናይ ምጽራግ ንጥፈታት ኣመልኪታ ንፓኪስታን ኣይሓበረታን።

ምኽንያቱ እቲ ናይ 1960 ውዕል፡ ከምዚ ዓይነት ንጥፈታት ክካየድ ስለ ዘየፍቅድ ምኳኑ ምንጪታት ይሕብሩ።

ኣብቲ ብሀንዲ ዝመሓደር ኣብ ‘ገምገም ፈለግ ቸናብ ናይ ዞባ ካሽሚር’ ዝነብሩ ሰባት፡ ካብ ሓሙስ ክሳብ ቀዳም ካብ ክልቲኡ ሓጽብታት ብዙሕ ማይ ክፈስስ ከም ዝረኣዩ ገሊጾም።

ሰበ ስልጣንን ክኢላታትን ክልቲኣን ሃገራት ድማ፡ ሀንዲ ንዋሕዚ ማይ ብቐልጡፍ ደው ከተብሎ ከም ዘይትኽእል ይገልጹ ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሀንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ብዛዕባ እቲ ውዕል ማይ ክዘራረብ ፈቲኑ ከም ዝበረ ዝጥቀስ ኮይኑ፡ ክልቲኣን ሃገራት ጉዳየን ናብ ቤት ፍርዲ ዘሄግ ኣቕሪበን ብዕርቂ ክፈትሓኦ ፈቲነን ምንባረን ይፍለጥ።



## ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል፡ ኣብ ጉዳይ ኩናት ቓዛ ምስ ካቢነኡ ይዘራረብ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ጉዳይ ኩናት ወሽመጥ ቓዛን ጉዳይ ሰብኣዊ ረድኤትን ኣመልኪቱ ምስ ናይ ጸጥታ ካቢነኡ ከም እተመያየጠ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ድሕሪ እቲ ብኢራን ዝድገፉ ምንቅስቓስ ሑቲ ናብ እስራኤል ሚሳይል ምውንጫፎም፡ ኔታንያሁ ንኹሎም ሓለፍቲ ጸጥታ ብዛዕባ እቲ ዝቕጽል ኩናት ኣብ ወሽመጥ ጋዛ ንምዝርራብ ንኣኼባ ከም ዝጸውዖም ሓቢሩ።

እዮም ሰበ ስልጣን ብዛዕባ’ቲ ኣብቲ ኣኼባ ዘጽደቕዎ ውሳነ ዝተፈልጠ ሃገር የለን።

እንተ ኾነ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ወተሃደራት ናይ’ታ ሃገር ናብ ወሽመጥ ቓዛ ንምእታው ኣብ ምድላው ከም ዘለዉ ተፈሊጡ።

ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ናይ’ታ ሃገር ዝኾነ ኢያል ዛሚር፡ “ኣብ ቓዛ ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ናጻ ተለቒቖም ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ጸቕጢ ንዝበር ኣለና። ከምኡ’ውን ንሓማስ ምሉእ ብምሉእ ንምስዓር ንሰርሕ ኣለና፡” ኢሉ።

ንገለ ክፋላት ወሽመጥ ቓዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ኣእትያቶ ዘላ እስራኤል፡ ናብቲ ወሽመጥ ዝኣቱ ረድኤት ካብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ኣትሒዛ ከልኪላቶ ከም ዘላ ይሕበር።

ነቲ ናይ ክልክላ ስጉምቲ ብምስራዙ ኣብ ዶብ ቓዛ ተዓጊቶን ዝርከባ - ረድኤት ዝጸዓና ኣስታት 3 ሽሕ ተሽከርከርቲ ናብቲ ወሽመጥ ንኽኣትዋ ክተፍቅድ ኣህጉራዊ ጸቕጢ ይግበረላ ከም ዘሎ ድማ ዝፍለጥ እዩ።

እስራኤል ግና፡ ሓማስ ነቲ ረድኤት ኣብ ክንዲ ንሲቪል ህዝቢ ዝዕድሎ፡ እናጨወየ ንዕጡቓቱ የዕንግሎ ከም ዘሎ እያ ትኸስስ።

ሓማስ ብወገኑ፡ ንክሲ እስራኤል ብተደጋጋሚ ክነጽጎ ከም ዝጸንሐ ይሕበር።




## ሑቲ፡ ናብ መዓርፎ ነፈርቲ እስራኤል ሚሳይል ወንጪፉ

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ኣብ የመን ዝርከብ ምንቅስቓስ ሑቲ ናብ እስራኤል ዝወንጨፎ ሚሳይል፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ በን ጉርዮን ከም ዝዓለበን ኣብ ልዕሊ ተገዓዝቲ ድማ ከበድ ራዕዲ ከም ዝፈጠረን ተፈሊጡ።

ሑቲ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ከም ዝወሰደሉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንእስራኤል ንምቕጻዕ ምስ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዘለዉ ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ብውህደት ይሰርሕ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት እኳ እንተ ዘይሃለወ፡ ኣብ ተሽከርከርትን ትሕተ-ቅርጻን ግን ዕንወት ከም ዝወረደ ይግለጽ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ፡ ድሕሪ’ቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ነቲ የመናዊ ምንቅስቓስ ከበድ ወተሃደራዊ ግብረ-መልሲ ከም እትህቦ ኣጠንቂቑ።

ናታንያሁ ወሲኹ፡ “ሑቲ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ኩሉ መጥቃዕትታት ብሓገዝ ኢራን እዩ። እስራኤል ነቲ ኣብ ልዕሊ መዓርፎ ነፈርታ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ግብረ መልሲ ክትህበሉ እያ። እዚ ድማ ኣብ ዝመረጽናዮ ግዜን ቦታን ክኸውን እዩ” ኢሉ።

ሑቲ ብወገኑ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ መጥቃዕቲ ግብረ መልሲ ናይቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ትፍጽሞ ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ምኳኑ ሓቢሩ።

ወኪል ሮይተርስ ኣብ እስራኤል ከም ዝሓበሮ፡ እቲ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ናይ ቅድመ መጠንቀቕታ ድምጺ ምስ ኣስምዐ፡ ኣብቲ ቦታ ዝበሩ ተገዓዝቲ ናብ ውሑስ መዕቆቢ ከም ዝሃደሙ ገሊጹ።

በዚ ምኽንያት፡ ነፈርቲ መገዲ ኣየር ሉፍታንዛ፡ ደልታ፡ ኢቲሃድን መገዲ ኣየር ፈረንሳን ንትማሊ ሰኑይን ንሎሚ ሰሉስን ናብ ተል ኣቪቭ ዝበረን በረራታት ከም ዘሰረዛኦ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሑቲ፡ እስራኤል ኣብ መወዳእታ 2023 ንወሽመጥ ቓዛ ክትድብድብ ካብ እትጀምር ኣትሒዙ፡ ኣብ ልዕሊ ብቐይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ ምስ እስራኤል ምትእስሳር ዘለወን መራኽብ ካብ ምጥቃዕ ሓሊፉ፡ ናብ እስራኤል ድሮናትን ሚሳይላትን ብደተጋጋሚ ይውንጭፍ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 06/05/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services